# ህሉው ኩነታት ኤርትራ
# መንእሰያትን
# ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን

ኣዳለውቲ

- ልኡል ዘውደ
- ተስፋሂወት ኪዳነ
- መሰረት ፍሰሃየ
- ስብሓት በርሀ

**መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ**

**20 ለካቲት 2007**

**Contact Address**

**Email:- tebegsonihadinet@yahoo.com**

## ትሕዝቶ


**መእተዊ ……………………………………………………………………1**

**ዕላማ …………………………………………………………………… 2**

**ምስጋና………………………………………………………… ……………2**

**ቀዳማይ ክፋል**

- **ህሉው ኩነታት ኤርትራ ……………………………………………………3**
- **ዝምድና ህዝብን መንግስትን …………………………………………… 3**
- **ኩነታት መንእሰያት ኣብ ኤርትራ ……………………………………… 5**
- **ሃገራዊ ኣገልግሎት …………………………………………………… 5**
- **ሳዕቤናት ሃገራዊ አገልግሎት…………………………………………… 6**
- **ሳዕቤናት ሃገራዊ አገልግሎት ኣብ ደቀንስትዮ ……………………………… 7**
- **ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ህግደፍ ………………………………………7**

**ካልአይ ክፋል**

- **ህሉው ምስሊ ኤርትራዊ መንእሰይ ………………………………………… 8**
- **ኤርትራዊ መንእሰይ ድሕሪ ናጽነት…………………………………………9**
- **መን ምኳኑ ዘይተነግሮ ኤርትራዊ መንእሰይ ……………………………10**
- **አብ ግጉይ መሰረት ዝተቐመጠ ኤርትራዊ መንእሰይ…………………,…...11**
- **መጻኢ ራኢኡ ብልክዕ ዘየቐመጠ ኤርትራዊ መንእሰይ ……………………12**
- **ኤርትራዊ መንእሰይን ስደትን ……………………………………… 13**
- **አሉታዊ ሳዕቤናት ስደት ………………………………………………15**
- **ራኢ ኤርትራዊ መንእሰይ አብ ስደት ……………………………………… 16**

**ሳልሳይ ክፋል**

- **ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ…………………………………………………… 17**
- **ኣበርክቶ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ………………………………………18**
- **ህልው ዝምድና መንእሰይን ደምበ ተቓውሞን ……………………………18**
- **ፍልልያት ደምበ ተቓውሞ ኣብ ዕላማ'ዶ ወይስ ----? ………………………20**
- **ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ………………………………………… 20**
- **ተሓታትነት ስርዓት ህግደፍን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን ………………...24**

**መደምደምታ**

- **ለበዋ ንኹሉ ኤርትራዊ ብፍላይ ድማ ንመንእሰያት ………………………. .25**
- **ለበዋ ንውድባት ኤርትራ ………………………………………………26**
- **ለበዋ ንማሕበረ ሰብ ዓለም……………………………………………26**

## መእተዊ፡-

ደቂ ሰባት ተፈጥሮ ዝዓደሎም ናይ ምንባር መሰል ኣለዎም:: እዞም ተፈጥሮአዊ መሰላት'ዚኣትም ከኣ ንደቂ ሰባት መሰረታዊ መንበሪ ባይታ ይህብዎም:: ምስቶኦም ተተሓሒዞም ዝኸዱ ድማ ብመንግስታትን መዋቕራዊ ትካላቶምን ክወሃቡን ክምንዝዑን ዝኽእሉ መሰላት ኣለው:: ኤርትራ ኣብዚ እዋን'ዚ እምበኣር ሓንቲ ካብተን ሽዱሽተ ቀዳሞት ሙሉእ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታተን መንዚዐን ብሞት ማእሰርቲ ስቓይን ምብራስ ህዝብን ሃብትን ዝፍለጣ ሃገራት ሓንቲ ኮይና ንረኽባ። በዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት መለለይኣ ድማ፣ ድኽነት፣ ስደት፣ ግፍዒ ማእሰርቲ፣ ምዝመዛ ነጻ ጉልበት፣ ---------- ወዘተ ኮይኑ ንረኽቦ:: ካብ ዘሎ መሪር ህልው ኩነታት ብምብጋስ እምበኣር፡

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ሕሱም ግፍዕታት ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ከም ዝበሃል ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ዘርዚርና ኣለና:: መበገሲ ዓምዲ ጽሑፍና፣ ነቲ መብዛሕትና ብተግባር ዘጋጠመናን ብመራኽቢ ብዙሃን ዝሰማዕናዮን ዝርኣናዮን ሓቅታት ዝድሽሰስ'ዩ:: ኣብ ካልኣይ ክፋል ጽሑፍና ብሰንኪ'ዚ ኣስካሕካሒ ግፍዕታት ህግደፍን ትካላቱን ዓዱ ዝገድፍ ዘሎ መንእሰይ ሓቀኛ መንነቱ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ስደት ዘጋጥም ሕማቕ ኩነታትን መጻኢ ራኢኡን ምስ ሃገርን ሃገራውነትን ብምዝማድ ክገልጽ ይፍትን:: ብኡ ኣቢሉውን እቲ ዘሎ ሓቀኛ ምስሊ ንምቕያር ክንገብሮምን ክንከዶምን ዘለውና ስጉምትታት ይጥቁም::

ኣብ ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል ህለው ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ዘለውኦ ህሉው ኩነታት ብምብራህ ሪኢቶን ዝምድናን መንእሰያት ምስ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ይገልጽ:: ኣብዚ ዓምዲ  ዚ ኣወንታዊ ስራሕን ኣበርክቶን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ከይረሳዕና ኣብዚ ሕጂ እዋን ዘለውኦ ኩነታትን ክኾነኦ ዝግብአን ብመንጽር ትጽቢት እዚ ስቓዩ ዝሪኢ ዘሎ ህዝቢ፡ ነቐፌታዊ መአረምታታት አቐሚጥና ኣለና:: እዚ ጽሑፍዚ መንእሰያትና ሒዞሞ ዘለው ምስላዊ መንነት ቀይሮም ሓቀኛ መንነቶም ኣብ ምልባስ ብኡ ኣቢሎምውን ንመሰረታዊ ክብሮምን መንነቶምን ንምምላስ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ኣበርክቶኦም ክፈልጡን ሓጋዚ ተራ ክጻወቱን ከምኡ ድማ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ወድዓዊ ኩነታት ብምግንዛብ ኣካይዳኦም ብምቕያር ምስዚ መንእሰይዚ ኢድን ጓንትን ኮይኖም ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ክሰርሑ ዝጻወትዎ ተራ ዓቢ ክኸውን እምነት ጸሓፍቲ እዩ::

## ዕላማ፡-

እዚ ጽሑፍዚ በቶም ሓለንጊ ስቃይ መንግስቲ ህግደፍ ዘርከቦም ግን ከአ ካብኡ አምሊጦም አብ ስደት ዝርከቡ ግዱሳት መንእሰያት ዝተዳለወ እዩ።
እዚ ጽሑፍ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ ካብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብኣርባዕተ ግዱሳት ውልቀ-ሰባት ዝተጻሕፈ ኮይኑ ቀንዲ ዕላማኡ ድማ፡-

01. ኣብዚ ሕጂ ግዜ ኤርትራን ህዝባን ዝረኽብዎ ዘለው ኣስካሕካሒ ግፍዕን በደልን ንምግላጽን ምቅላሕን፡
02. መንእሰይ ኤርትራ ሒዝዎ ዝመጸን ክቕየር ዝግብኦን ምስላዊ ትርጉም መንነት ንምብራህን ንምቕያርን፡
03. ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ስደት ዘጋጥምዎ ዘለው ኣሉታዊ ሳዕቤናት ንምቅላሕ፡
04. ኤርትራዊ መንእሰይ ተሓሪሞሞ ዝጸንሑ መሰላቱን ክብርታቱን ኣብ ምምላስ ዜግነታዊ ግዴታኡ ንምርዳእ፡
05. ዘሎ አሉታዊ ጎድንታት ደምበ ተቓውሞ ውድባት ኣለልዩ በቲ ቅኑዕ ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምእራሙ ብኡ ኣቢሉውን ምስቲ መንእሰይ ዘለዎ ዝምድናን ጉርብትናን ብኸመይ ከምዝድልድል ንምጥቃም እዩ።

እዚኦም ተዘርዚሮም ዘለው ቀንዲ ካብቶም መበገሲ ዕላማታትና ኮይኖም እዚ ጽሑፍዚ ክንሰርሕ እንከለና ካብ ዝኾነ ይኹን ውድባዊ ጸግዒ ነጻ ኮይና ኣብ ምብራህ ምትንታንን እዚ ተጠቂሱ ዘሎ ኣርእስታት ዓቕሚ ዘለዎም ኤርትራውያን መንእሰያት ብምሕታትን ነዚ ንምብራህ ክሕግዙና ዝኽእሉ ዶክሜንትታት ብምፍታሽን ከምዝተሰርሐ ክንገልጽ ንፈቱ።

## ምስጋና፡-

እዚ ጽሑፍ እዚ ጀሚርና ስጋብ ንውድእ ሓበሬታ ኣብ ምሃብን ብትሕዝቶኡ ኣብ ምህብታምን ንዝተሓጋገዙና መንእሰያት መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ ዓቢ ምስጋናና ነቕርብ። ካብኡ ሓሊፉ ነዚ ጽሑፍዚ ኣብ ምጽሓፍ፡ ምእራምን ናይ መወዳእታ መልክዑ ንክሕዝን ዝተሓባበሩና ወገናት ኩሎም ብስምናን ብስም ተጠቃሚ እዚ ጽሑፍዚ ክነመስግኖም ንፈቱ።
ማዕረ ማዕሪኡ ድማ እዚ ጽሑፍዚ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (EDA) ንክይቀርብ «ብምኽንያት ሕጽረት ግዜ» ዝኸልከሉናን ኣብቲ ጉባኤ ንኽይንሳተፍ ማዕጸኦም ዝዓጸውን ፈጸምቲ ኣካላት እቲ ምትእኽኻብ፡ ነቐፌታዊ መእረምታና ብምልጋስ ዝተሰመዓና ቅሬታ ብግልጺ ክነንብር ንፈቱ። ተበግሶ መንእሰይ ክተባባዕ እንበር ክተዓናቐፍ ኣይግብኦን እዩ።

## ቀዳማይ ክፋል

## ህሉው ኩነታት ኤርትራ፡-

ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ድሕሪ ናይ ፍርቂ ዘመን ፖለቲካውን ብረታውን ተጋድሎ፡ ኣብ 1991 ናጽነቱ ብምዕታር: ኣብ 1993 ብዝለዓለ ድምጺ ልኡላውነቱ እኳ እንተኣረጋገጸ: እቲ ዝደለዮን ዝምነዮን ዝነበረ መሰረታዊ ክብሩን መሰላቱን ከምዘይረኸበ ኩሉ ዝግንዘቦ ዘሎ ሓቂ እዩ:: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰላም: ደሞክራሲ: ፍትሒ: ሓርነትን ማሕበራዊ ርግኣትን ዝሰረቱ: ኣብ ጅግንነታዊ ተጋድሎኡ ንዝደልደሎ ሃገራዊ ሓድነቱ ተሞርኲሱ ዝጀመሮ ናይ ህንጸት ጉዕዞ ዕዉት ንምግባር ዘጠራጥር ኣይነበሮን:: ይኹን እምበር እቲ ብነዊሕ ቃልስን ብዙሕ መስዋእትን ዝተሓለፈ ጎዕዞ: ናይ ሕዝቢ ትጽቢትን ተስፋን: ብዲክታተርያዊ ስርዓት መንግስቲ ኤርትራ ተኾሊፉ ተሪፉ:: ሓርበኛ ተቓላሳይ ህዝብና ዘይተጸበዮ ዓቢ መስደመም ኣብ ርእሲ መኺኑ: ምስቲ ሓርነታዊ ባህግታቱን ክብሩን ዘይግብኦ ዓስቢ ተሸሊሙ:: <u>ኣብ ኤርትራ ናጽነት መሬት እምበር ናጽነት ህዝቢ</u> <u>ከምዘይተረኸበ</u> እዚ ዘሎ ባይታ ህያው ምስክር ኮይኑ:: ህዝብና ናይ ምንባር ዕድሉ ናብ ኣዝዩ ዝኸፍአን ዝጸበበን ደረጃ ምውራዱ: እፎይ ኢሉ ሰሪሑን ተማሂሩን ዝኣትወላ: ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ሃገራዊ እጃሙ ዘበርክተላን ሃገር ብምስኣኑ: ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ይርከብ ኣሎ:: ናይ'ዚ ኩሉ ድምር ድማ ህዝቢ ኣብ ነጻ ሃገሩ ዓዊሩን ተታሊሉን ይነብር ኣሎ::

## ዝምድና ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡-

ህዝባዊ ድሌታትን ስምዒታትን ምርኩስ ዘይገብር ስርዓት ምስ ዘማሓድሮ ህዝቢ ሰናይ ዝምድና ከምዘይህሉዎ ርጉጽ እኳ እንተኾነ: ብፍላይ ከኣ ስርዓት ኤርትራ ኣብ መንጎ ህዝብታት ብቢሄር: ዓሌት: ኣውራጃዊ ስምዒታት: ሃይማኖታዊ ኣፈላላይን ድሕሪ ባይታ ዉልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ምርኩስ ብምግባር: ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሕብረተ-ሰብ ምምቕቓል ኣንጊሱ: ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምትፍናንን ባዕልኻ ንባዕልኻ ናይ ዘይመትእምማንን መንፈስ ጸሚድዎ ይርከብ:: ህዝቢ ዓው ኢሉ ዝዛረበሉ ባይታ ስኢኑ: መሰላቱን ግቡኣቱን እንዳተነፈገ ዓይኑ ዓሚቱ: ንኹሉ ነገር ብስቕታ ክሓልፎ ዝመርጸሉ ሃዋህው ኣትዩ ንረኽቦ:: ካብዚ ዝነቐለ ድማ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ከብድን ሒቕን ኮይኖም ንዓመታት ከምዝቐጸሉ ንግንዘብ:: ስርዓት ኤርትራ ጨካንን ጨፍላቕን ኣካይዳኡ ብንጹርን ግሁድን መንገዲ ዘንጸባረቐ ስርዓት ምኺኑ መረጋገጺ ዝኾኑና ህያው ኣብነታት ኣብ ሓንጎል ነብሲ ወከፍ ዜጋ ተቐሪጾም ይርከቡ:: ንኣብነት:-

- ዓስቢ ጻዕሮምን ጻማ ስንክልናኦምን ኣብ ግምት ኣእትዮም መሰሎም ንዝሓተቱ ስንኩላት ኲናት ማይ ሓባር ኣብ ልዕሊኦም ዝተወሰደ ጨካንን ህይወት ብዙሓት ጀጋኑ ዝጥፈአ ፍጻሜ (1994) :
- ከም ንጡፋት ኣበርከቲ ኣብ ቃልሲ ኤርትራ መሰለን ዝሓተታ ኣዴታት ሶሎሙና ዘጋጠመን ኣስካሕካሒ ናይ ማእሰርትን መግረፍትን ፍጻሜ:
- ብቕዓት የብልኩምን ብዝብል ምስምስ ካብቲ ንዓመታት ዝማሃርሉ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዝተሰጎጉ መማህራን:

- ብስም «ቅርጥው ዓቕሚ ሰብ ምሓዝ» ዝብል ቴማ ካብ ናይ ስራሕ መኣዶም ዝተሰጎኑ ሰራሕተኛ ታት መንግስቲ (ፍጻሜ 1995)
- ካብ ዓመት ናብ ዓመት እንዳኸፍአ ዝመጸ ብስም ኣኽረርቲ ጅሃድ ዝግበር ናይ ምእሳርን ምርሻንን ፍጻሜታት፡
- ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ዜጋታት ካብ መኣዲ ትምህርቶም፡ ስራሖምን ዘፍቅርዎም ስድራቤታቶምን ተፈልዮም ንዓመታት ናብ ባርያ ቀይርካ ኣገልገልቲ መራሕቲ ህግደፍ ናይ ምግባር ዘመተ (ኣዋጅ 1994)፡
- ዋጋ ስራሕና ይከፈለና ዝብል ርትዓዊ ሕቶ ንዝሓተቱ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ዝተወሰደ ናይ ምእሳርን ሂወት ንጹሃን ናይ ምጥፋእን ስጉምቲ (2001) :
- ነዚ ዘይርትዓውን ኣንጻር ድሌትን ረብሓን ህዝቢ ዝኸይድ ፖሊሲ ብምቅዋም ለውጢ ንዝሓተቱ ሰበ-ስልጣን ምእሳርን ሃለዋት ምጥፋእን መቕተልትን ስጉምቲ (ፍጻሜ 2001)፡
- ንዝነበረ ኩነታት ንህዝቢ ከረድኡን ጩራ ነጻ ፕረስ ከንጸባርቑን ንዝፈተኑ ጋዜጠኛታት ብዘይ ፍርዲ ንዓመታት ምእሳርን ሂወት ምጥፋእን ስጉምትታት (2001)፡
- ንኣካይዳ ፖሊሲ መንግስቲ ተቓዊሞም ስደት ዝመረጹ መንእሰያት እንዳሃደንካ ምእሳርን ምስቓይን ብዓቢኡ ድማ ምርሻንን ስጉምትታት (ፍጻሜ ዓዲኣቤቶ፡ ገላዕሎ...........ወዘተ)፡
- ሃገር እሾኽ ኮይናቶም ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ ተቓዊሞም ዓዶም ክገድፉ ዝመረጹ መንእሰያት ኣብ ዶባት ዓሪድካ ጸኒሕኻ ምስቓይን ምርሻንን ስጉምትታት፡
- እገዳታት እምነትን ሃይማኖትን፡ ምዕጻው ኣብያተ እምነታትን፡ ምእሳር መራሕቲ ምእመናንን --- ወዘተ (2002)፡
- ደቕኹም ኣህዲምኩም ንዝተባህሉ ስድራ ቤታት ምእሳር፡ ሓምሳ ሽሕ (50.000) ናቕፋ ምኽፋል፡ ንዘይ ከፈሉ ድማ ኣብ ኣጻምእ ጎላጉል ሃዘሞን ግላስን ምእሳር፡ ብጉልበት ምቕጻዕ፡ ካብኡ ብዝሓለፈ ድማ ናይ ሕርሻ፡ ረድኤት፡ ይኹን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን መሰላትን ንከይረኽቡ ናይ ምንፋግ ስጉምቲ፡
- ኣካይዳ መንግስቲ ንዘይተቐበሉ ገለ ኣማሓደርቲ እንዳደስከልካ ብፍጹም ወተሃደራዊ ርእሲ ጥራሕ ዘሎዎም የማነ ጸጋም ዘይጥምቱ ኣመሓደርቲ ናይ ምትካእ ስጉምታት--- ወዘተ----ወዘተ ብዙሕ ክዝርዘር ይከኣል፡፡

ስለዚ እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሓቅታት ኣብ ግምት ብምእታው ህዝቢ ኤርትራ ንዕኡ ዝውክሉን ዝጣበቐሉን ኣካል መንግስቲ ከምዘይብሉ ብምእማን፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ገዛኢ ስርዓት ድማ ብፕሮፖጋንዳዊ መዳይ ጥራሕ ወኪልን ኣገልጋልን ህዝቢ ኮይኑ ክቐርብ፡ ኣብ ግብሪ ግን ኣንጻር ናጽነት፡ ክብርን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ ይጓዓዝ ምህላው፡ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ ህዝቢ ዓለምውን ዝፈልጦ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሓቅታት ምርኩስ ብምግባር ገዛኢ ስርዓት ኤርትራ ኩሉ ግዜ ኣንጻር፡-

ሀ. መሰረታውያን መሰላት ህዝቢ ዘረጋግጹ ሕግታትን መምርሕታትን፡

*ለ. ዲሞክራስያዊ ህዝባዊ ምርጫን ሃገራዊ ቅዋምን*

*ሐ. ሓያልን ተሪርን፡ ትርግታ ልቢ ህዝብታት ዝሰምዕ ፈጻሚ ኣካል፡*

*መ. መሰልካ ብቃልን ብጽሑፍን ምግላጽ*

*ረ. ኩሉ መዳያዊ ተበግሶታትን መአረምታን ንግዕዙይ ኣካይዳኡ..... ወዘተ ክንዓዝ ንሪኢ።*

*ከምዚ ምስ ምዃኑ ድማ እቶም ውሑዳት ኣብ ስልጣን ዘለው ተረባሕቲ፡ ረብሓኦም ንምዕቃብ ክብሉ ኩሉ ድሌታት ህዝቢ ዓፊኖም ክንዓዙ፡ ህዝቢ ብዓቢኡ ድማ እታ ንእሽቶ መንበሪት ባይታኡ እኳ ከይስእን እንዳተሸቑረረ ክነብር ንዕዘብ። ብዙሕ ካብኡ ድማ ንዝተፈላለየ ሓሳርን መከራን ይቃላዕ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ ህዝቢ ትኽክለኛ ወኪል (መንግስቲ) ከምዘይብሉ እንዳኣመነ «ንጽባ ብኽድኑ» ኮይኑዎ ይንዓዝ ኣሎ። ስለዝኾነ ዝምድና ህዝብን መንግስትን ከብድን ሒቖን እዩ ኢልካ ይድምደም።*

## *<u>ኩነታት መንእሰያት ኣብ ኤርትራ፦</u>*

*መንእሰይ ሞተር ለውጢ እዩ። ለውጢ ንዝሓሸ ምዕባለ፡ ንምዕሩይ ምሕደራ ንመሃዝነት፡ ንማሕበረ-ቁጠባዉን ፖለቲካዉን ምዕሩይነት... ወዘተ። እዚ ኩሉ'ዚ ሓላፍነት መንእሰይ ሓንቲ ሃገር እዩ። ኣብ ኤርትራ ካብ 1991 ንደሓር ዝነበረ ሂወት ምልስ ኢልና እንተሪኢና፡ ንዝተወሰና ውሑዳት ዓመታት ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ስራሓት ሞያን ካልእን መንእሰያት ብንጥፈት ክዋስኡን ኩነታት መነባብሮኦም ከመሓይሹን ተገነዚብና ኔርና። እንተኾነ ግን መንግሰቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኢሉ ካብ ዝእውጅ ንዳሓር እቲ ኩነታት እንዳተቐየረ መጺኡ።*

## *<u>ሃገራዊ ኣገልግሎት፦</u>*

*ኤርትራዊ መንእሰይ ፈታዊ ሃገሩን ህዝቡን፡ ንሃገሩ ሂወቱ ዘይበቅቕ፡ ተሰማሚዑ ዝነብር ጻዕራምን ኣፋራይን'ዩ ኢልካ ክግለጽ ይካኣል። ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት 1994 እንተሪኢና ድማ ዝኾነ ዜጋ ካብ 18-40 ዓመት ልክዕ ን18 ኣዋርሕ ብወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበረ—ቁጠባውን መዳያት ንሃገሩ ነጻ ኣበርክቶ ክገብር ዝብል ቅዱስ ዕላማ ዝሓዘ ኮይኑ ግዴታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ድማ እዩ። እዚ ከኣ በቲ ቅኑዕን ሓቀኛን ትርጉሙ ክፍጸም እንከሎ፥ ሃገር ብወተሃደራዊ መዳያ ዝደልደለት ንምግባር፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ትርነዐ ዘለዋ ሃገር ንምህናጽን ሓጋዚ ስጉምቲ ይኸውን። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ብዲሲፕሊን ዝተኾስኮሰ፡ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ብቕዓት ዘማዕበለ፡ ሃገራዊ ወነን ስምዒትን ዝሓደሮ፡ መሃዝነትን ናይ ስራሕ ድሌትን ዘለዎ፡ ካብ ተጸባይነት ነጻ ዝኾነ፡ ንነብሱ መሪሑ ንህላወን ምዕባለን ሃገር ኣበርክቶኡ ዝገብር መንእሰይ ንምህናጽ ይሕግዝ። እዚ ብምርዳእ ህዝቢ ኤርትራ ብፋላይ ድማ መንእሰይ ኤርትራ ንዕላማታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ብምቕባል ግዴትኡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ኣብ ምፍጻም ተዋፊሩ። ገዛኢ ስርዓት መንግስቲ ኤርትራ ግን ነቲ ቅዱስ ዕላማታት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ናብ ውልቀ-ረብሓዊ ዕላማታት ብምቕያር፡ ኣገባቡ ብዘይሓለወ መንገዲ፡ ንዜጋታት ምስ ሃይማኖታዊ እምነቶም ይኹን ስድራቤታውን ሰብኣውን ሓላፍነቶም ብዝጻረር ኣገባብ ብምኻድ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ነባሪ ወተሃደራዊ ባርነት ከምዝኸውን ጌሮም።*

## ሳዕቤናት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡-

ካብ መሰረቱ መስርሕ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝጅመር ኮይኑ፡ እዚ ከምቲ ኣብ ዕላማታቱ ዝተጠቕሰ ብግቡእ ወተሃደራዊ ዲሲፕሊን ዝተሃነጸ መንእሰይ ዲዩ ዘፍሪ? ኢልና ክንሓትት እንክለና እቲ መልሲ ብኣንጻሩ እዩ።

ትርጉም ወተሃደራዊ ዲሲፕሊን ብመንጽር ሃገራዊ ኣገልግሎት ክረአ እንከሎ፡

- ወተሃደራዊ ድሲፕሊን ግበር ኣይትግበር ኣብዝብሉ ትእዛዛት ጥራይ ዝተሓጸረ
- ወተሃደራዊ ድሲፕሊን "ቅድሚ መሰል ግቡእ ምፍጻም" ዝብል ተሪር ኣቃውማ ዘዘውትር (ቅድሚ በደልካ ምሕታት መቕጻዕትኻ ፈጽም ዝብል መርገጺ ዘለዎ)
- ከም ሳዕቤኑ ድማ ምእዝዙነት ዘንገሰ፡ (ትእዛዝ ሓላፊ ከም ትእዛዝ ሃዋርያ ዝቑጸረሉ)
- ወይ'ውን ፈቲኻ ከይፈተኻ ትእዛዝ ብግዴታ ዝፍጸመሉን ዝትግበረሉን ባይታ ዘንጸፈ እዩ።
- እዚ ኸምዚ ኢሉ እንከሎ ሃገራዊ ኣገልግሎት ማሕበረ-ቁጠባውን ወተሃደራውን ዓቕሚ ሃገርና ዘማዕበለ ዘይኮነስ መንእሰያት ኣገልገልቲ ውሱናት ገዛእቲ ዝኾኑሉ፡ ንረብሓ እቶም ኣብ ስልጣን ዘሎው ዘገልግልሉ፡ ብሓፈሻ ጊላነት ዝነገሰሉ ሃዋሁው ኣንጺፉ ንረኽቦ። ብኡ መሰረት ድማ፡

1. መንእሰያትና ንናእሽቱ ረብሓታት ክብሉ፡ ወይ'ውን ተገዲዶም ንቁጠባዊ ረብሓ ቀረባ ሓለፍቶም ዘገልግልሉ (ንኣብነት፡-ስራሕ ሕርሻ፡ ገዛውቲ ድኳናት... ወዘተ) ካብኡ ብዝሓለፈ መልክዑ ድማ ንናኣሽቱ ጠቕምታት ክብሉ ብገንዘብን ንብረትን ምስ ኣዘዝትን ስድራቤቶምን ዝግበር ውዕላት ናይ ኣደባባይ ሚስጢር ኢዩ።
2. መንእሰያት ካብ ቴክኖሎጂ ርሒቖም ኩነታት ዓለም ኣብ ዘይከታተልሉን ዘይፈልጥሉን ደረጃ ከምዝበጽሑ ምግባሩ፡
3. ወርቃዊ ዓዕድሜኦም ኣብ ባራትን ዘይተደላዪ ቦታታትን እንዳኣሕለፉ ኣደዳ ዘይተደልዩ ወልፍን ሕማማትን ብምዃን፡ ናይ ጽባሕ ተስፋ ዘይራኣዮምን ቀጻልነት ወለዶኦም ዘየረጋግጽሉ ሃዋሁው በምፍጣር ሃገር ናብ ኣዝዩ ሓደገኛን በዳህን ዝኾነ ሽግር ከምትኣቱ ዝገብር፡
4. ወፍሪ ዋርሳይ ይካኣሎ «ወፍሪ ባርነት» ዝብል ስያሜ ብትኽክል ኣብ ግብሪ ዝተተርጎመሉ፡ ላዕሎዎት መራሕቲ ብዝተሰላዓሎም ባጀትን ካብቲ ወፍሪ ብዝረኽቡዎ ኣታውን ተደላዲሎም ክነብሩ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ እቶም ተገዲዶም ኣብቲ ወፍሪ ዘገልግሉ ዘሎዉ ድማ እተን ዝወሃብኦም ዉሱናት ቅራቦ ካብ ናይ ሰሙን መቑነን ዘይሓልፋ፡ መሰል ምንባር ስድራቤታት ኣብ ፈተና ዘእተዋ፡ ብሰንኪ እዚ ርኡይ ቁጠባዊ ጸገም ስድራቤታት ኣብ ምብትታን ዘብጸሐ ሃዋህዉ ፈጢሩ።
5. ዜጋታት ብዝተናወሐ ወተሃደራዊ ታዕሊም፡ ሃልክን ድኻምን፡ ዘይሕጋዊ ማህረምቲ ከብዲ እግሪ፡ ወይ'ዉን ብነዊሕ ምፍልላይ ካብ ስድራቤታትን ብዝሒ ምንቅስቓሳት ካብ ቦታ ናብ ቦታን ግዳያት ምምካን፡ ዘይተደልየ ዉላድ፡ ሕማማት ኤች. ኣይ.ቪ. ኤድስ፡ ሽግራት ምብትታን ሓዳር፡ ዝኽትምናን ምጽናት ወለዶን ነጊሱ ንረኽቦ።

## ሳዕቤናት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ደቀንስትዮ:-

1. ካብ ኢድ ስድራቤተን ወጺኤን ኣብ መደበር ታዕሊም ካብ ዝኣትዋሉ ግዜ ጀሚረን ኣብ ዘይደለያኦ ኣነዋሪ ተግባራት ከምዝዋፈራ ብምግባር: መርወይ ስጋዊ ድልየት ሓለፍቲ ህግደፍ ምዃነን:
2. ዝተባሃልኦ እንተዘይፈጺመን ንኸቢድ መቕጻዕትን ምክልባትን ምቅልዐን:
3. ከም ሳዕቤኑ ግዳይ ዘይተደልየ ዉላድ ኮይነን መጻኢ ዕድለን ምጽልማቱ:
4. ግዳያት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ኮይነን ንሞት ምቅልዐን:
5. ናይ ትምህርቲ: ናይ ስራሕ ይኹን ናይ ሓዳር ዕድለን ተሴሩ ወርቃዊ ዕድመአን ኣብ ዉትህድርና ምብላዩ:
6. ኩሉ ዝነበረን ኣማራጺታት ምስ ተወድአ ከምተን ቀዳሞት ተጋደልቲ ኣሕዋተን ብዘይግቡእ ብምጥያስን ግዳያት ድኽነትን ሕሰም መነባብሮን ይኾና ምህላወን ብግበሪ ዝተዓዘብናዮ ሓቂ ኢዩ::

## ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ህግደፍ፡-

መንግስቲ ኤርትራ ከምተን ካልኦት ሃገራት ዓለም ዝኽተላኦ ሓደ ንጹር ዘኾነ ፖሊሲ የብሉን:: ነዚ ዝገብረሉ ምኽንያት ከኣ "ትምህርቲ ንጥቕሚ ህዝቢ" ዝብል ቃል ደምሲሱ "ትምህርቲ ንጥቕሚ ህግደፍ" ስለዝቐየሮ እዩ:: ነዚ ክንብል እንከሎና ኣብ ነብሲ ወከፍ ዓመት ዝቀያየር ፖሊሲ ትምህርቲ ብምግምጋም ኢና:: ንኣብነት:-

1. ትምህርቲ ኣብ 12 ክፍሊ ዝዉዳእ ዝነበረ ኣብ 11 ክፍሊ ከምዝዉዳእ ምግባሩ:
2. ብስም ስነ-ዜጋ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ብምትእትታው ኣስላምን ክርስትያንን (ኦርቶዶክስ: ካቶሊክ:ፕሮቴስታንት) ተወከልቶም ብምስዳድ ተመሃሮን መምህራንን ኣብ ሃይማኖታዊ ስምዒታት ከምዝመቓቐሉ ምግባሩ:
3. ኣብ ካልኣይ ደረጃ ክልተ ዓመት ዝተረፉ ተመሃሮ ንምሉእ ዕድመኦም ካብ ትምህርቲ ተፈልዮም ብግዴታ ናብ ሳዋ ከም ዝወርዱ ብምግባሩ፥ ብዙሓት ተመሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቶም ከም ዝሰናኸሉ ጌሩ:
4. ድሕሪ እዚ እዉን ተመሃሮ ኣብ 11 ክፍሊ ናብ ዩኒቨርሲቲ መእተዊ መርመራ ምስ ወሰዱ ዉጽኢቶም ኣብ ሳዋ ከም ዝፈልጡ ዝገብር ሕጊ ወጺኡ:: እዚ ግን ብዙሕ ዝቕበሎ ተመሃራይ ስለዘይነበረ ከምቲ ዝደልዮ ብዝሒ ዘሎዎ ተመሃራይ ኣብ ሳዋ ክርከብ ኣይከኣለን:: ግዜ ከይወሰደ እቲ መርመራ ኣብ ሳዋ ከምዝኸዉን ተጌሩ:: እዚ ድማ ዕድል ናይቶም ብምሸታዊ ትምህርቶም ዝከታተሉ ዝነበሩ ተመሃሮ ከንቱ ዝገብር ዉሳኔ ነሩ::
5. ጸኒሑ ትምህርቲ ኣብ 12 ክፍሊ ከምዝዉዳእ ብምግባር ኩሉ ተመሃራይ ናብ ሳዋ ከምዝወርድ ጌሩ:: ኣብዚ'ዉን ተመሃሮ ክብተንዎ ስለ ዝጀመሩ ተማሃሮ ካብ ኢዱ ዘይወጹሉ ዉጥን ብምዉጣን: ኣብ ክንዲ ተማሃሮ ወተሃደራት ኮይኖም ዝቕጽልሉ ብስም "ኮሌጅ ሳይንስን

ቴክኖሎጂን ማይነፍሒ" ሓደ መዓስከር መሰሪቱ:: ነዚ ድማ ካብቲ መማዕበሊ ትምህርቲ ተባሂሉ ብገበርቲ ሰናይ ዝልገስ ልዕሊ 90 ሚሊዮን ዶላር ወጻኢ ተገይሩሉ::

6. ቀጺሉ ተመሃሮ ኣብ ዘለዉዎ ክፍሊ ንዘይምድጋም ዘረጋግጽ ሕጊ ወጺኡ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2004 ተግብራዊ ኮይኑ:: እዚ ምብኻን ግዜ ንምንካይ ብዝተኻእለ መጠን 90% ተማሃሮ ክሓልፉ ከምዘሎዎም ዝእዝዝ ኢዩ:: እቲ መሰረታዊ ዕላማኡ ድማ ተማሃሮ ልክዕ ኣብ 11 ክፍሊ ትምህርቶም ወዲኦም ናብ ሳዋ ዝወርዱሉ ግዜ ንምቅልጣፍን ወተሃደራዊ ሽውሃቶም ንምምላእን ኢዩ::
7. ዝኾነ ይኹን ልዕሊ 18 ዓመት ወይ  ይገብር'ዩ ኢሎም ዝግምትዎ ብኣካላዊ ኣቃዉማኡ (physical appearance) እንዳተራእዩ ተመሃሮ ካብ መኣዲ ትምህርቶም እንዳተገፈፉ ናብ ሳዋ ከምዝወርዱ ይግበር ኣሎ::
8. ኤርትራውያን መምህራን ብሃገራዊ ኣገልግሎት( ብዘይደሞዝ) ከምዝሰርሑ እንዳገበረ: ወይ'ዉን ናብ ሰራዊት ከምዝምደቡ እንዳገበረ ብ700 ዶላር ኣመሪካ ህንዳዉያን መማህራን ብምቑጻር ነተን ተሪፈን ዝነበራ ቁሩብ ኒሕ ዜጋታት ኣብ ምጽንቃቕ ይርከብ::

እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ካብቲ ብዙሕ ቁሩብ ኢዩ:: ምኽንያቱ ኤርትራዊ መንእሰይ ከይመሃር ዝወርዶ ዘሎ ኣደራዕ መሰናኽል ኣዝዩ ብዙሕ እዩ:: ንኣብነት እቲ ከም ፖሊሲ ሒዙዎ ዘሎን ግዜ ዝጽበየሉ ዘሎን እቲ ቀንዲ ትምህርቲ ዝብሎ ክሳብ 8ይ ክፍሊ እዩ:: ካብዚ ንላዕሊ ግን ኩሉ ሰብ ገንዘብ ከፊሉ ክማሃር ኣሎዎ ኢዮ ዝብል:: ስለዚ ብሓፈሻ ኤርትራዊ መንእሰይ ከይመሃር ዘይገበሮን ዘይኣለሞን ተንኮል የብሉን:: ቀንዲ ምኽንያቱ ድማ ዝተማህረ ሓይሊ ሰብ ስለዘስግኦ ከምህሮ ኣይደልን:: ነዚ ዓቢ ሚስጢር ኣብታ እንኮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዝተወሰደ ስጉምቲ እኹል ምስክር ስለዝኾነ ብዙሕ ምዝራብ ኣየድልን::

# ካልኣይ ክፋል

## ህሉው ምስሊ ኤርትራዊ መንእሰይ፥-

ንልቢ ዘሎዎ እዚ ሕጂ ኤርትራዊ መንእሰይ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ንምግምጋምን ንምልላዩን ከቢድ ነገር ኣይኮነን:: ምኽንያቱ ካብ ንቡር ውጽእ ብዝበለ ነገራት ባዕሎም ቋንቋኦም ኣውጺኦም ክዛረቡን፡ መንነቶም ክገልጹን ጸኒሖምን ኣሎውን:: ስለዚ እቲ ዝሰምዕን ልቢ ዘሎዎን ሰብ ብገርሁ ሎሚ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ወሳኒ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ እዩ ዘሎ ንምባል ኣየሸግርን እዩ:: መቸም ግዜ ኣብ ስርሑ ዘይጋገ፡ ኣብ ሰዓቱን ኣብ እዋኑን ንኽውንነት ነገራት፡ ወይ ንኽግለጹ ዘሎዎም ሓቅታት ብሓላፍነት ነቲ ናይቲ ግዜ ሰብ እንዳኣረከበ፡ ብልክዕ ትንቢታትን ግምታትን ድማ ንዝመጽእ ሓቅታትን ተረከብቶምን ኣምራት እንዳሃበ፡ ሓላፍነቱ ብግቡእ ዝፍጽም እዩ:: ከም ኩሉ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ቀያሲ ግዜ ዝቐየስን ዝመሓደርን ኤርትራዊ መንእሰይ ድማ ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ግዜኡ ዘንበበሉ ዕጭኡ፡ ግና ከኣ እቲ ሓቀኛ

ዕጭኡ ክፈልጥን ብሓላፍነት ድማ ክቕበሉን መድረኽ ይጽውዖ ኣሎ:: ንዕኡን ብእኡን ስለዝኾነ ከኣ: ንሱ ማለት ኤርትራዊ መንእሰይ ካብ'ዚ ነገር እዚ መሃድሞ የብሉን:: ሓደን ናይ መጨረሽታን ኣማራጺ ግን ኣሎዎ:: ነቲ ግዜ ዝሃቦ ክውንነት ተቐቢሉ ክተግሃሉን: ናብ ረብሕኡ ክልውጦን ግዜ ዝጠልቦ ጥበብ እዩ::

## <u>ኤርትራዊ መንእሰይ ድሕሪ ናጽነት</u>

ኤርትራዊ መንእሰይ መንነቱ: ማለት እቲ ናተይ ዝብሎ መንነት ንምስራሕን ዳግማይ ንምሕዳስን ተጋዲሉ: ቃልሲ ኣካይዱ: ሃገሩ ድማ ተረኪቡ:: ኣብዚ ክሕተት ዘሎዎ ሕቶ ግን ኤርትራዊ መንእሰይ ብልክዕ መንነቱ ውሑስ ገይሩ'ዶ ኣይገበረን? ኣይገበረን: እንተዳኣ ኢልና ድማ ስለምንታይ?

ነዚ መሰረታዊ ሕቶ'ዚ ባዕሉ እቲ ምንጪ ኩሉ ፍልጠት ዝኾነ ህሉው ኩነታት ክምልሶ ይኽእል እዩ: ሽሕ'ኳ ዕላማ ገድሊ ኤርትራዊ መንእሰይ መንነቱን እንታይነቱን ኣረጋጊጹ: ንሱ ሓይሊ እንዳኾነ ድማ ንዕኡ ንምንባር እንተነበረ: እቲ ዝሰዓበ ሂወት ኤርትራዊ መንእሰይ ከምዘረጋግጾ ግን እዚ ዕላማ እዚ ሚኢቲ ካብ ሚኢቲ ተሳሒቱ እዩ:: ብመሰረቱ ናጽነት ኤርትራ መጀመርያ ወይ ድማ መፈለምታ ናይቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ዕላማ ኢዩ:: እዚ ሓቂ እዚ ጎሊሑ ስለዘይተገልጸ ድማ ናይዚ ሕጂ ንሪኦ ዘሎና ውጽኢት ተሸካሚ ኮይኑ:: <u>ምኽንያቱ ምምጻእ ናጽነት መሬት ኤርትራ ምጅማር ቃልሲ ንምትካል ኤርትራዊ መንነት</u> ኣየበሰረን:: ኣብ ክንድኡ ሕቡእ ኣጀንዳ ህግደፍ ተኸቲልዎ: ኤርትራዊ መንእሰይ ብዛዕብኡ ዝሕዞ ፍልጠት ጌጋ ፍልጠት ኮይኑ ተሪፉ:: ኩሉ ግዜ ናይ ጌጋ ፍልጠት ብዛዕባ ነብስኻ ቀጻልነት ስለ ዘይህሉዎ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዩ ባዓል ሓላፍነት ዝኾነ ግዜ እቲ ኤርትራዊ መንእሰይ: ካብ ህግደፍ ዝተረከቦ ናይ መንነት ጽላሎት ጌጋ ምዃኑ: ጌና ነቲ ሓቀኛን ዘለኣለማውን መንነቱ ንኽረኽቦ: ኣፍ ኣውጺኡ ዝነግርን ዘማዕዱን ዘሎ:: እዚ ሕጂ ዘሎ ውድቀትን ሽግርን መንእሰይ ኤርትራ ድማ ግዜ ዘምጽኦ መረጋገጺ ንግጉይ ሕሉፍ ኣካይዳ እዩ:: ስለዚ ብንጹር ንምቕማጡ ብመንጽር እቲ ዝተቓለሰሉ ዕላማ ክሬኢ እንክሎ:-

- ኤርትራዊ መንእሰይ ብልክዕ መን ምዃኑ ኣይተነገሮን:
- ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ጌጋ መሰረት ተቐሚጡ :
- ኤርትራዊ መንእሰይ መጻኢኡ ብልክዕ ኣይፈለጠን:: ከም ውጽኢቱ ድማ እዚ ሕጂ ዘሎ ምስሊ ሒዙ ይርከብ:: ንሱ ድማ:-
    - ✓ ብመንነቱ ዝሓፍርን ዝጉህን መንእሰይ:
    - ✓ ኣብ ጌጋ ፍልጠት ዝተመስረተ መንእሰይ:
    - ✓ ራኢ ዘይብሉ መንእሰይ: ኮይኑ ንረኽቦ::

ስርዓት ህግደፍ ኪንዮ ናጽነት መሬት ኤርትራን ኣብ ስልጣን ምምጻእን: ሓሊፉ ንምምላስ እቲ ሓቀኛን ዘላኣለማዉን ዝኾነ መንነት ህዝቢ ወይ መንእሰይ ኤርትራ ተቓሊሱ እንተዝኸውን: ውጽኢቱ ከምዚ ናይ ሎሚ ኣይምኾነን:: ናጽነት መሬት ኤርትራ ብህዝቢ ኤርትራ ዝመጸ ኮይኑ: ንኹሉ ኤርትራዊ ድማ የኹርዕን የሐብንን:: ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብ ትሕቲ ህግሓኤ ኮይኑ ዝገበሮ ቃልሲ ክቡርን ንዝልኣለም ዝተሰነደን እዩ:: እዚ እንዳኾነ ሓደ ሓቂ ግን ኣሎ:: <u>"ናጽነት መሬት ኤርትራ መተካእታ ናጽነት ኤርትራዊ መንነት ክኸውን ብፍጹም ኣይክእልን እዩ"</u>:: እንተዝኸውን ኔሩ ድማ ኣብ ግዛእ ነጻ ሃገሩ:

ኤርትራዊ መንእሰይ ዕረ ኣይምጠዓሞን:: ሓቀኛ ምስሊ ናይዚ ሕጂ ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ ብልክዕ ምቕማጥ: ነቲ ክንበጽሖ ተደልዩ ዘሎ ፍታሕን ምስግጋር ናብ ሓድሽ መድረኽን: ወሳኒ ረቛሒ እዩ:: ሓቀኛ ምስሊ ምቕማጥ ሓቀኛ ሕቶ ክተልዕል ይገብረካ:: ከም ውጽኢቱ ድማ ሓቀኛ መልሲ ወይ ፈውሲ ክርከብ ይካኣል:: ስለዚ ነቲ ኤርትራዊ መንእሰይ ክረኽቦ ዝነበሮ ግን እሞ ድማ ዝሰኣኖ ሓቀኛ መንነት ብትብዓት ምግላጽ ምጅማር ሰውራ ንህያው ለውጢ እዩ ዘመልክት::

## <u>መን ምዃኑ ዘይተነግሮ ኤርትራዊ መንእሰይ፥-</u>

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝራኣናዮ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕላማኡ መንነት መንእሰይ ኤርትራ ምርግጋጽ እዩ:: መንነት ክንብል እንከለና ክንዮ'ቲ ስማዊ ሃገራዊ መንነት ዝኸይድ ሓይሊ ኣሎዎ:: መንነት ማለት ናይ ምንባር ሓይሊ ዝህብ ደራኺ ዉሽጣዊ ጽዓት እዩ:: እዚ መንነት እዚ ካብ ሓይሉ ዝተበገሰ: ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት: ብዓወት: ርእሰ ተኣማንነት: ብፍልጠትን ትኩርነትን: ክትነብር ዘኽእል እዩ። ብልክዕ ንመንነቱ ዝለበሰ ዜጋ ኣይሓፍርን እዩ:: ንመንነቱ ድማ ቀዳምነት ይህብ:: መንነቱ ድማ ዋሕስ ምዕባሌኡን ዕብየቱን እዩ:: ብመንጽር እዚ ክንሪኦ እንከለና ኤርትራዊ መንእሰይ ናይ'ዚ መንነታዊ ናይ ዓወት ሓይሊ ተረባሒ ኣይኮነን:: ብመሰረቱ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ርእሲ ክስኳዕ ዝጀመረ ምስ'ዚ ዘይራኸብን ኣዕናውን: ግዝያዊ ስምዒታዊ ርውየት ዝህብን: ንቕድሚት ዘየሰጉምን: ህሉው ኩነታት ዓለምን ክውንነት ህይወትን ኣብ ግምት ዘየእቱ: ዕድመ ዘይነበሮን እዩ:: እዚ ሕጂ ዘሎ መንእሰይ ከኣ ናይ'ዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓደገኛ በሰላ ዝገድፉ ሓሳባት ግዳይ ዝኾነን: ከም ውጽኢቱ ድማ እዚ ሕጂ ንሪኦ ዘሎና ዘይጥርኑፍ መንእሰይ እዩ:: ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ:-

" <u>ምምጻእ ናጽነት መሬት ኤርትራ መልሲ ናይ ኩሉ ሕቶ ከምዝኾነ ጌርካ ምቕራጽ</u>" ህግሓኤ ናጽነት ኤርትራን እቲ ንሱ ዝስከሞ ሓላፍነትን: ብግቡእ ናብ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ምትሕልላፍ ኣይተዓወተን:: ምኽንያቱ ናጽነት ኤርትራ መጀመርታ ናይቶም ስዒቦም ክገሃዱ ዝነበሮም ኤርትራዊ ናጽነት ደኣ እምበር: ናይ መወዳእታ ኣይነበረን:: ነዚ ሓሳብ እዚ ከኣ ኤርትራዊ ወለዶ ብልክዕ ከምዘስተብህለሉ ኣይተገብረን:: ብኣንጻሩ ናጽነት ኤርትራ ጉልባብ ብምጥቃም ህግደፍ መዋቕር ስልጣኖም የደልድሉን: ንመንእሰይ ኤርትራ ድማ ኣብ ተዛነ ከም ዝጸንሕ ጌሮም እዮም:: ሽሕኳ ብዙሓት ዘድልይዎ ናጽነታት እንተነበሩን እንተተጸበየን ስርዓት ህግደፍ ንኤርትራውያን "እዚ ንህበኩም ዘሎና ነጻነት ኩሉ እዩ": ብምባል ድሩትነት ኣብ ነጻነት (Stagnation of freedom) ከምዘስዕብ ጌሮም እዮም:: መንእሰይ ኤርትራ ንቕድሚት ዝመርሕ መሪሕ ሕቶ ኣየልዓለን፣ ኣይተታባበዐን እዉን። እቲ ሓቂ ግና ምምጻእ ቦኽሪ ነጻነት ነቶም ጌና ኣብ'ዚ ሓርነት'ዚ ኮይንካ ብምቅላስ ክርከቡ ዝነበሮም ነጻነታት ከበስርን እምነ-ኩርናዕ ክኾውንን ዝግብኦ ዝነበረ፡፡ ገለ ካብዞም ነጻነታት ንምጥቃስ:-

- ናይ መሰል ናጽነት
- ናይ ፍልጠት ናጽነት

- ናይ ክብሪ ናጽነት
- ናይ ሃገራዊ ሓላፍነት ናጽነት ወዘተ እዮም:

## ኣብ ግጉይ መሰረት ዝተቐመጠ ኤርትራዊ መንእሰይ:-

ካልእ ካብ መትከላዊ መንነትን ኣታሓሳስባን ኤርትራዊ መንእሰይ ዝሓረሞ እንተድኣ ኔሩ፡ መንእሰይ ኣብ ግጉይ መሰረት ምቕማጡ እዩ:: ህዝብታት ዓለም ብሓፈሻ ነናቶም ዝኾኑ ክብርታትን መሰረታትን ኣሎውዎም:: እቲ ሓደ ክብርን መሰረትን ካብቲ ካልእ ክብርን መሰረታትን ድማ ኣይበልጽን እዩ:: ምፍላጥ ሓቀኛ ክብርታትካ፡ መሰረታትካን ኣጠቓቕማኡን፡ ኣማዓባብላኡን፡ ግን እቶም ቀንዲ ረቋሒታት ንምዕባለን ደረጃን ሓደ ህዝቢ ኢዮም:: ምስ እዚ ዝተታሓሓዘ ህዝቢ ኤርትራ ናቱ ዝኾነ፡ ምስቲ ካልእ ክብርታትን መሰረታትን ህዝብታት ዓለም ማዕረ ክብርን ደረጃን ዘሎዎ ህዝቢ እዩ:: ኤርትራዊ መንእሰይ ነዚ ሓቂ እዚ  ኣብ ምምዝማዝ ኣይነጠፈን:: መሰረታቱን ክብርታቱን ዓንዲ ሒቖ ዝገበረ ሰረት ምዕባለ ስለዘየበገሰ ከኣ እዚ ሕጂ እንሪኦ ዘሎና መንእሰይ ክኸውን ተገዲዱ:: ሽሕ እኳ ብዝተፈላለዩ መግዛእታዊ ሓይልታት ክብርታትን መሰረታትን ህዝቢ ኤርትራ ዓንዩ እንተኾነ፡ ተራ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ነጻነት፡ ንምትካል ነዚ ዝዓነወ ናይ መንነት መለክዒ ዓብን ሓያልን ልዕሊ ዝኾነን ክኸውን ኔሩዎ:: ብኣንጻሩ እቶም ኣብ ድሮ ነጻነት ንኤርትራዊ መንእሰይ ዝተነግርዎ ጭርሖታት፡ ንመሰረታትን ክብርታትን ዓቢ ጦም፡ ኣብ ዝተጋገየን ሓደገኛን ቦታ ኣቐሚጦሞ እዮም:: ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ:-

- ኤርትራዊ ካብ ካልኦት ህዝብታት ዓለም ዝተፈለኻ ኢኻ፡
- ኤርትራዊ ዝለበምካ ህዝቢ ኢኻ
- ኤርትራዊ ዝሓየልካ ህዝቢ ኢኻ
- ኤርትራዊ ብፈጠራ ትነብር ህዝቢ ኢኻ
- ኤርትራዊ ኩሉ ኣብ ኢድካ ዘሎካ ህዝቢ ኢኻ
- መን ከምዚ ህዝቢዚ ወዘተ...

ዕምቆቱን ናቱ ጽልዋን ከየስተባሃልካ፡ እዚኦምን ከምዚኦምን ዝኣመሰሉ ጭርሖታትን መግለጺታትን፡ ኣዝዮም ጡዑማት ዝኾኑን ክህሉውኻ እትደልዮምን ደረጃታት ክመስሉ ይኽእሉ እዮም:: ብኣንጻሩ ግን ኣብ ከዉንነት መሰረታቱን ክብርታቱን ንዝዓቢ ህዝቢ (መንእሰይ) ከምዚኦም ጥዑማት መግብታት ምቕራብ 'ንህጻን ዓጺም መግቢ ኣኽሊስካ ምሕናቕ' እዩ:: እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ደረጃታት ወይ ምስልታት ኣብ ዕብየትካ ከተረጋግጾምን ክትበጽሖምን ዘለካ፡ ናይ ዕብየትካ መለክዒ እዮም:: ብፍጹም መተካእታ መሰረታትን ክብርታትን ናይ ሓደ ህዝቢ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም:: ሓደ ጉዕዞን ዕብየትን ዝተጸለኦ ህዝቢ ግን ነዞም ዝተጠቐሱ ጭርሖታት ኣብ ቅድሚኡ ኣቐሚጡ ከም ዝተጻወደ ቦምብ ኣብ ሰዓቱ ተተኩሱ ስጋብ ዝቐትሎ ክጽበ ይኽእል ኢዩ:: ኣብ ተሞኩሮ ኤርትራዊ መንእሰይ ምልስ ምስ እንብል ኣብ ዕሽል ዕድሜኡ ኣብ ክንዲ "ንስኻ ከም ኩሉ ህዝብታት ዓለም ህዝቢ ኢኻ፡ እዚ ዘለካ ደረጃ

ከኣ ናይ መበገሲኻ ደረጃ እዩ:: ካብ ካልእ ህዝብታት ዓለም ዝፈልዩኻ ናትካ መሰረታትን ክብርታትን ስለ ዘለካ ኢዩ.. ወዘተ ክትዓብን ክትስልጥንን ካብ ካልእ ህዝብታት ጸብለል ዝብል ምዕባለን ደረጃን ክትበጽሕ፡ ምሁር ህዝቢ ክትከውን፡ ሓያል ፈጠራ ዘሎዎ ህዝቢ ክትከውን፡ ንትሕዝቶኻ ናብ ረብሓኻ ከተውዕል፡ ድማ ነቶም ዝተረፉኻ ናጽነታት ንምጉንጻፍ ኣብ ቅድሜኻ ዓቢ ጉዕዞን ገድልን ኣለውኻ:: እዚ ድማ ካብ መን ምዃንካ ምፍላጥን፡ ሓላፍነትካ ምቕባልን ይጅምር::" ብምባል ኣብ ክንዲ ዝሃንጽዎ ኣቐዲሞም ምስላዊ ዝኾነ መንነትን ክብርን ስለዝሃብዎ እዩ፡ እዚ ሕጂ ንሪአ ዘሎና ኣብ ግጉይ መሰረት ዝተቐመጠ መንእሰይ ኮይኑ ንረኽቦ::

## <u>መጻኢ ራኢኡ ብልክዕ ዘየቐመጠ ኤርትራዊ መንእሰይ</u>:-

በዓል ራኢ ማለት ብሓፈሻ ንመጻኢኡ ዝገመተን፡ ምስሊ መጻኢኡ እንዳራኣየ ንዑኡ ንምጭባጥ ንቕድሚት ዝጎይ ማለት እዩ:: ናይ ራኢ ሕብረተ-ሰብ ንምኳን ከኣ እዞም ዝስዓቡ መሰረታውያን ነገራት ክተማልእ ይግባእ::

ሀ. <u>መን ምዃንካ ምፍላጥ:</u> ከም ውጽኢቱ ድማ ጽቡቕን ሕማቕን ጎድንታትካ ብምልላይ፡ ሃብታምን ድኹምን ብምፍላጥ ካብ'ቲ ዘሎካ ክውንነት ብምብጋስ ምስ ናይ ድኻማትካ ምጽጋን ዓቕሚ ብምትሕሓዝ እቲ ክትብጽሖ እትኽእል ደረጃ ብስእሊ ኣብ ኣእምሮኻ ምቕማጥ እዩ::

ለ. <u>ንመንነትካ ምኽባር ወይ ክብርኻ ኣብ ዘሎካ መንነት ምንባር:-</u> እዚ ርእሰ -ምቕባል፡ ወይ ርእሰ - ምኽባር (appreciating your self or respecting your self) ማለት እዩ:: ንዘሎዎ መንነት ወይ ደረጃ ናይ መንነት ይሕመቕ ይጸብቕ፡ ኣብ'ቲ ዝማዕበለ ደረጃኡ ይብጻሕ ኣይብጻሕ ምኽባሩን ምቕባሉን ሓደ ካብቲ መሰረታዊ ነገር ንባዓል ራኢ እዩ::

ናብዚ ዘሎ ህሉው ኩነታት ኤርትራዊ መንእሰይ ምስ እንምለስ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ክሳብ ሕጂ ተመዝጊቡ ዘሎ ታሪኽ ህዝቡን ዓዱን፡ ብፍላይ ድማ እተን ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ዘለወን እዋናት፡ ንመንነቱን መሰረታቱን ብዝግባእ ከልብስኦን ቅዱስ ቅንኣት ኣብ ሓቀኛን ፍትሓውን እንታይነት ከም ዘሕድር ስለዘይገበሩ፡ ንራኢ ምቹእ ዝኾነ ባይታ የብሉን:: ኣይጸንሑን፡ ተፈቲኑውን ውጽኢት ኣይተረኽቦን:: ንኣብነት ህግደፍ ይቐርጾ ኣሎኹ ዝብሉ ብዓል ራኢ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ህያው ምስክር እዩ:: ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ክንዲ ንኽብረታቱን መንነቱን ባዕሉ ክድህስስን ክመሃሮን፡ ከምውጽኢቱ ድማ ብኡ ክኾርዕ ምግባር፡ ሕልማዊ ዝኾነ ናይ መጻኢ ምስሊ ኣብ ጽላሎት ከም ዝነብር ተጌሩ:: ምናልባት ንቑሩብ እዋን ደስ ደስ ክብል ይኽልእ ይኸውን፡ ጌና ግና ኣብ ውሑድ ዓመታት ከኸትም እንከሎ፡ ሓቂ ንኽትነግስ ቦታ ገዲፉ ከእለ እንከሎ ኢና ነስተውዕል ዘሎና:: እዚ ብኸምዚ ዝበለ ተሞክሮ ዝሓለፈ ኣእምሮ ኤርትራዊ መንእሰይ እምበኣር ኣብ'ዚ ሕጂ ቀንዲ ጸላኢ ራኢ ኮይኑ ንረኽቦ::

## ኤርትራዊ መንእሰይን ስደትን፡-

ተሞኩሮ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ስደትን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ተመሳሳሊ'ኳ እንተኾነ፡ ብዛዕባ እቲ ናብ ስደት ብተራእዩ ዘይፈልጥ ተሞኩሮ ዝውሕዝ ዘሎ መንእሰይ ምዝራብ ግና ቀዳምነት ዘድልዮ እዋናዊ ሕቶ እዩ። ስደት ኤርትራዊ መንእሰይ ካብ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ዋላ ይንበር እምበር፡ ብዓቐኑን ምኽንያቱን ኣዝዩ ዝተፈለየን ኣሰንባድን ተራእዩ ዘይፈልጥን ግን እዚ ናይ ሕጂ ዘሎ እዩ። ስለዚ ንኽስተውዕል ዝኽእል፡ ግዜ ሓደ ነገር ዝብል ዘሎ ይመስል። ንሱ ከኣ ምግላጽ እዚ ክስተታት እዚ፡ ነቲ ክዕረ ዘሎዎን ክፍለጥ ዘሎዎን ምኽንያታት፡ ወይ ሕቶ መንእሰይ ኤርትራ በጺሕካ፡ በቲ ፈዋሲ መልክዑ ብምልላይ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ዕርፍቲ መጻኢ ወሎዶታት ዝኾኑ መልስታት ንምድላውን፡ ስለኡ ዋጋ ምኽፋልን ምሕሳቡ'ዩ።

ብጽብብ ዝበለ ተሞኩሮ ኣብ ስደት ዝነበረ ኤርትራዊ፡ ድሕሪ ናጽነት ዝስዓባ ውሑዳት ዓመታት ምስ እንምልከት፡ ሓደን ኣገዳስን ተሞኩሮ ወይ ድማ ነዚ ሕጂ ክንምልሶ ደሊና ዘሎና እዋናዊ ሕቶ ዝሕግዝ ሃብታም ፍልጠት ከህበና ይኽእል እዩ። ክሳብ 1997 ዓም ዝነበረ ግዜ እቲ መንነቱን ሃገሩን ክብሩን ተመንዚዑ፡ ባርያ ባዕዳዊ ክብርታት ንክኸወን ዝተዓደመን ዝተገደደን ኤርትራዊ፡ ናብ ሃገሩ ክምለስን ክጣየስን ጀሚሩ ኔሩ ኢዩ። ካብዚ ክምለስን ክንዕዘቦን ዝግባኣና ሕቶ እንተዳኣ ሃልዩ፡ እዞም ንዓዶም ዝምለሱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ስለምንታይ'ዮም ቀደም ናብ ስደት ኣምሪሖም? ናጽነት ኤርትራ ከመይ ዝበለ ተስፋታት ስለዝሃቦም እዮም ናብ ዓዶም ክምለሱ ዝጀመሩ? ናይ 1991 ናጽነት ኤርትራ'ኸ ንኹሉ ሕቶታቶም ዝምልስ'ዶ ነይሩ እዩ? ትጽቢቶም ካብ ናጽነት ዓዶም'ከ እንታይ እዩ ኔሩ?.. ወዘተ ዝኣመሰሉ ሕቶታት ብግቡእ ክንምልስ እንተኺኢልና ነዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ስደት ጠንቅታት ንምቕማጡ ኣየሸግርን እዩ።

ስደት ቃል ብቓሉ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ምኻድ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ብዝህልወካ ካብ ዘይምዕጋብ ዝብገስ ኮይኑ፡ ንሃንቀውታኻን ድሌታትካን ንምምላእ ዝውሰድ ስጉምቲ እዩ። ሎሚ ኤርትራዊ ናተይ ዝብሎን፡ መዐቀኒኡ ዝኾነን መንነቱን ክብሩን ስለዝተነፍጎ ንስደት ከም ሓደ ኣማራጺ ወሲድዎ ኣሎ። ስደት መተካእታ መሰረታትን ክብርታትን ክኸውን ስለዘይክእል ድሕሪ ምብሳር ናጽነት ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ነቲ ውሽጣዊ ሕቶታቱን ድሌታቱን ብዛዕባ ምርግጋጽ መንነት ንምምላስን ንምምላእን፡ ካብ ስደት  ናብ ኤርትራ ክኣቱ ጀሚሩ፡ ንናጽነት ድማ ከም መሰጋገሪ ወይ እምነ ኩርናዕ ንምጉንጻፍ ነቶም ዝተረፉ ናጽነታት ንኽጥቀመላ ሓንጎፋይ ኢሉ ተቐቢሉዋ። እንተኾነ ባይታ ናጽነት ኤርትራ ነዞም ውሽጣዊ ድርኺታት ኣዕጋቢ መልሲ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ባዕላ ናጽነት ኤርትራ ድማ መተካእታ ኩሉ ጠለባት ኤርትራዊ ክትከውን ኣይብቕዐትን። እዚ ከኣ ውጽኢት ናይቲ ግጉይ ዝኾነ ኣታሓሕዛን ኣተረጓጉማን ብዛዕባ ናጽነት፡ በዚ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ዝመጽአ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ኤርትራዊ ዳግማይ ናብ ስደት ክምለስ ኣይተማተአን። ካብ'ዚ ብዘይፍለ ህሉው መንእሰይ ኤርትራ እቲ ንምንባር ሓይሊ ዝኾኖ ፍልጠት መንነት ኣብ ውሽጡ ስለዘይኣስረጸ እቲ ከም መተካእታኡ

ዝተመገቦ ሓሳባት ህግደፍ ድማ ሱር ከምዘይብሉ ተኸሊ ስለዝሓረረ፡ ጎዳጉዱ ንምምላእ ንስደት ከም መማረጺታት ሒዞም ይርከቡ።

ስለዚ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ስደት ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ናይ መንነቱ ነጻነት ስለዘይረኸበ እዩ። ኣብ'ዚ ንጹር ከኸውን ዘሎዎ ግን እዚ ሽግርዚ ኣዝዩ ሰፊሕን፤ ብዙሕ ትንታነ ዘድልዮን ኮይኑ፤ ካብ ምንታይ ንዝብል ነገርውን ንምምላሱ ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ። ማለት ኣብቲ መብዛሕትና እንገምቶ ጠንቂ እዚ ስደት ህግደፍ ጥራይ እዩ ኢልካ ምቕማጥ ነቲ እንደልዩ ኣራሚ ወይ ብቑዕ መልሲ ክንረኽቦ ኣየኽእለናን እዩ። ከም ኤርትራዊ ጉጅለ ስርዓት ህግደፍ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ሽግር ንምፍታሑ፡ ተስፋን ሓላፍነትን ዝነበሮ ውድብ እዩ ዋላ እንተበልና፡ ኣብ ዓወት ከብጽሖ ግን ኣይካኣለን። ሕጂ ሽግር ኤርትራዊ መንእሰይ ክንዮ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዝነበሩ እዋናት ምርኣይ፡ ኣብ ዘመንና ካብ ዘድልዩና ብልጫ ዘሎዎም ሓሳባት እዩ። ህግደፍ ግን ኣብቲ ዝረኸቦ ዕድል መልሲ ብዘይም኿ኑ ቀዳማይ ተሓታቲ እዩ። ምኽንያቱ ግቡእ ናጽነት ኤርትራ ብልክዕ ነቶም ከብጽሑም ዝነበሮ ብምብጻሕ ኣብ ከንዲ ዝዛዝሞ፡ ምምጻእ ናጽነት ኤርትራ ናብ ዋጋ ኣልቦ ስለዝቐየሮ፡ ሕጂ'ውን በቲ ንስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ ህግደፍ ተሓታቲ እዩ። ህግደፍ ካብ ተሓታትነት ከምልጥ ዝኽእለሉ፡ ናጽነት ኤርትራ ናጽነታት ምስዝወልድ ጥራሕ እዩ። ናጽነት ኤርትራ ምምጻእ ህግድፋውን ናብ ስልጣን ጥራሕ ኣበሲሩ ምስዝሓልፍ ግን ካብ ባዕዳውያን ጸላእቲ ንላዕሊ ህግደፍ ተሓታቲ እዩ።

ብዝቐለለን ጥቕልል ብዝበለን ኣገላልጻ እምበኣር ዋሕዚ ስደት ኤርትራውያን መንእሰያት ውህሉል ውጽኢት ናይዞም ዝቕጽሉ ምኽንያታት እዩ።

1. እቶም ድሕሪ ናጽነት መሬት ኤርትራ ክረኽቦም ዝግበኦም ዘነበሩ ዓበይትን ወሰንትን ናጽነታት ብምስኣኑ፡
2. መጻኢ መደባቱ ወይራኢኡ ዘይፈልጥን፡ ብግምት ዝጓዕዝን ፖሊሲታት ስርዓት ህግደፍ፡
3. ባርነታዊ ኣዋጃትን ወሎዶታት ከጽንት ዝተዳለወ ሽውሃት ኩናት ህግደፍ፡
4. ወተሃደራዊ ፍልስፍና ዘተርንዕ ፖሊሲ ትምህርቲ ህግደፋውን ወዘተ…

ስለዝኾነ መንእሰይ ኤርትራ እዞም ዓበይቲ ጠለባት ተነፊጎሞ ኩሉ ጎደናታት ሂወት ተዓጽዩዎ ምንባር ብተስፋ ክነሱ ተስፍኡ ግን ተስፋ ኸሊኡ ናብ ዞም ዝስዕቡ ክልተ ደረጃታት ኦውሪድዎ ይርከብ።

ሀ. ኤርትራውነቱ ዘይምቕባል

ለ. ንሰብኣውነቱ ዘይምቕባል

ኤርትራውነት ምልክት ሃገራውነት እዩ። በዚ እቲ ሙሉእን ዘይጉድሉን ትርጉም ሃገራውነት፡-

- ኣብ መሬት ኤርትራ ምንባር፡
- ንኤርትራ ምንባር
- ብኤርትራ ምንባር፡

ስለዚ ኤርትራዊ ማለት ኣብታ ጂኦግራፍያዊት መሬት ኤርትራ ተባሂላ ትፍለጥ ማእከል ዝገበረ ናይ ሓባር ሰንደቕ ዓላማ እዩ። ብመንጽር እዚ ኣብ ኤርትራ ዘይምንባር፡ ብኤርትራ ዘይምንባር፡ ከምኡ'ውን

ንኤርትራ ዘይምንባር፡ ብሓፈሻ ንኤርትራዊነት ወይ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ሰንደቕ-ዓላማ ዘይምቕባል ክባሃል ይካኣል። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ተመሳሳሊ ኣባሃህላ ዘሎዎ ኮይኑ ሰብኣውነት ክባሃል ክሎ ርእሰ -ምርኮሳ፡ (self recognition) ኮይኑ፡ ሓንቲ ነብሲ ባዕላ ክትነብር ከላን፡ ንዓኣ ክትነብር ከላን፤ የጠቓልል። ነዚ ብግቡእ ዘጠቓለለት ነፍሲ ንምህላዋ ትቕበሎን፡ ትነብረሉን እያ። ናብ ተሞኩሮ ኤርትራውያን መንእሰያት ምስ እንምለስ ኣብ'ዚ ሒጂ እዋን ብመለክዒ እዚ ኣብ ባዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ምንባር ሕጊ፡ ንኤርትራውነቱ ኣብ ዘይምቕባል በጺሑ ኣሎ። ንሰብኣውነቱ'ዉን ብማዕረ ከምኡ። ነዚ መረጋገጺ ዝኾነና ህሉው ምስሉ ምዉሳድ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ክነብር ኣይከኣለን፡ ብኤርትራዊነቱ ክነብር ኣይከኣለን፡ ዕላምኡ ንኤርትራ ጌሩ'ዉን ክነብር ኣይከኣለን። ምስ እዚ ዘይፍለ ባዕላዊ ሂወቱ'ውን ንነብሱ ኣይተቐበላን፡ ነብሱ'ውን ንባዕላ ክትነብር ኣይተቐበለታን።

ስለዚ ዘይምዕዋት እዘን ክልተ ኣሰርቲ-ሕግታት ምንባር ንኤርትራዊ መንእሰይ ናይ ስደት መንነት ኣልቢሰንኦ ይርከባ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ ስደት መጺኡ ነተን መጀመርያ ዝሰኣነን ዝተንፍግኦን መንነት እዩ ከም መተካእታ ዝሓትት። ዝኾነ ኣብ ስደት ዘሎ ኤትርራዊ ብመጀመርታ ናይ ምንባር መሰል ወይ ካልኣይ ዜግነት ክዋሃብ ይደሊ። ቀጺሉ ድማ ባዕላዊ ናይ ምንባር ናጽነት (self freedom) ይደሊ። እዚ ዘመልክቶ ሓቂ እንተዳኣ ሃልዩ ጠንቂ (ምኽንያት) ስደት እተን ዝጠልበን ኣብ ዓዱን መሬቱን ከንብረኦ ዝነበረን ረቛሒታት ክረክብ ብዘይምኽኣሉ እዩ። ሽሕ እኳ ካብ ብዙሕ ግዜ ጀሚሩ እዚ ተርእዮ እዝን ካልእን ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ መንእሰይ እንተነበረ ህዝቢ ኤርትራ ግን ናይ ምንባር መሰሉ ንምርግጋጽ፡ ተቓሊሱ ዋጋ ድማ ከፊሉ ኢዩ። ዕላምኡ ድማ ንሱ ዝኾርዓሉ ኤርትራዊ መንነትን ሰብኣውነትን ንምርግጋጽ እዩ ነይሩ። ዘይሓላፍነታዊ ስርዓት ህግደፍ ግን ነዞም ዓበይቲ ሓርነታት፡ መንነትን ሰብኣውነትን፡ ጅሆ ብምሓዝ ንኤርትራዊ መንእሰይ ክብሩ ዘሪፎም ናብ መወዳእታ ኣልቦ ስደት ሸሚሞሞ ይርከብ። እዚ ድማ እዩ ንህግደፋውያን ቀዳሞት ተሓተቲ ዝገብሮም።

## ኣሉታዊ ሳዕቤናት ስደት፡-

ዋሕዚ መንእሰያት ናብ ስደት፡ ልዕሊ እቲ ትፈትዋን ተፍቅራን ዓድኻ (ሃገርካ) ገዲፍካ ናብ ካልእ ጋሻን ባዕድን መሬት ኣብ ምእታው ዘሎ ናይ ሂወት ላዕልን ታሕትን፡ ናይ መሰረታውያን ቀረባት ሽግርን፡ ኣብ ህዝብን ሃገርን ዘምጽኦ ከቢድ ዕምቀት ዘሎዎ ዕንወትን፡ ኣብ ባዕሉ ኣብቲ ዝስደድ ዘሎ መንእሰይ (ህዝቢ) ዝስዕብ ከበድቲ ሽግራት አለዉ። ገለ ካብኣቶም፡-

1. መንእሰይ ማለት እቲ ኣፍራዪ ሓይሊ ( productive force) ናይ ሓደ ሃገር (ህዝቢ) ከም ምዃኑ መጠን፡ እዚ ሓይሊ እዚ ምኽሳር ድማ ሓንቲ ብቑጠባዊ፡ ፓለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ ይኹን ማሕበራዊ ዓቕማ ዝደኸመትን ዝመንመነትን ሃገር ወኒንካ ምትራፍ ማለት እዩ። ብመንጽር እዚ ኤርትራ ሃገርና እቲ ዝነበረ ዕቑር ሃብተይ ኢላ እትንየተሉ መንእሰይ ጠንጢንዋ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ግዜ ኩሉ መዳያዊ ህላዌኣ ኣብ ምንታይ ወዲቑ ከም ዘሎ ህያው ኣብነት ኢዩ።

2. ዕድመ ንእስነት እቲ ፍርያም ዕድም ( Reproductive age) ናይ ወሎዶ ኮይኑ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ሃገሩ ብግቡእ መደባቱ ሰሪዑ፡ ሓዳርን ናብራን መስሪቱ፡ ቀጻልነቱ ከረጋግጽ ዝግብኦ ክነሱ፡ ብሰንኪ ዝወረዶ ሽግራት እግሩ ናብ ዝመርሖ ብምትዓዝ ቀጻልነቱ ብዘየረጋግጽ መንገዲ ወርቃዊ ዕድሚኡ ይባኽን ኣሎ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብታ ሃገር ናይ ወሎዶ ጋግ (generation gap) ይፍጠር ኣሎ።
3. ጸቕጢ ቁጠባዊ ጸገማት ብዝፈጠሮም ማሕበራዊ ምምዝባላት፡ ሞራላዊ ውድቀት፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቅልቅላው፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ምብትታን ሓዳር፡ ምፍልላይ ፍቁራትን ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ ግዳያት ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕማም ኮይኖም ዝሳቐዩ ዘለው ውሑዳት ኣይኮኑን።
4. ነዚ ኩሉ ብድሆታት እዚ ክቕበሉዎ ዘይመረጹ ብገለ ወገናቶም ተሓጊዞም ናብ መስመራት ሱዳን፣ ሊብያ፣ ማልታ፣ ኣውሮፓ፣ ወይ ቀይሕ-ባሕሪ ዘምርሑ ብዙሓት ዕድል ዝጠለመቶም ግዳያት ሞት ዝኾኑ፡ ገለ እውን ግዳያት ኽሳራታት ገንዘብን ማእሰርትን ዝኾኑ፡ ኣሕዋት መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮኑን።
5. እቲ ኣዝዩ ዕቱብ ቆላሕታ ዘድልዩ ጉዳይ ድማ ብገለ ልኡኻት ስርዓት ህግደፍ፡ ወይ እውን ሕብረት መንእሰያት ኤርትራ ዘየሐጉሶም ሓሳዳት ዝተኣታቶ ዘሎ ናይ ዓዲ፣ ኣውራጃ፣ ብሄር፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት… ወዘተ ኣፋላላያት፡ መንእሰያት ቀሲኖም ናብራ ስደቶም ከይምክቱን ብዛዕባ ኤርትራውነቶም ከይሓስቡን፡ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ ኣብ ውሽጦም ይፈጥሩ ምህላዎም እዩ። እዚ ድማ ውጽኢት ስደት መንእሰያት ንለውጢ ከይኸውን ካብ ዝዓግቱ ዘለው ነገራት ሓደ ኢዩ።
6. ብሰንኪ ቁጠባውን ማሕበራውን ጸቕጥታትን ሽግራትን ኣብ ዘይተደልየ ዘይስነ-ምግባራውን ሞራላውን ስራሓት ብምውፋር፡ ተሰከምቲ ዓበይቲ ሕማማት ዝኾኑ'ውን ቁጽሮም ውሑድ ኣይኮነን። እዚ እምበኣር ገለ ካብቲ ስደት ዘስዕበልና ዘሎ ማህሰይትን በደልን'ዩ።

## ራኢ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ስደት፡-

ራኢ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ስደት ክንብል ከሎና ከምቲ ስሙ ዘመልክቶ፡ ብዛዕባ መጻኢ መደባት ኤርትራዊ መንእሰይ ብዛዕባ ሃገሩን ህዝቡን ማለት ኢዩ። ኩሉ ግዜ ሓደ መንእሰይ መጻኢ መደባቱ ወይ ራኢኡ ህዝብን ሃገርን ማእከል ዝገበረ ምስ ዝኸውን ሓላፍነታውን እምነ-ኩርናዕ ምዕባሌን ክኸውን ይኽእል። እዚ ሕጂ ኣብ ስደት ዘሎ መንእሰይ ብሰንኪ እቲ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ዝወረዶ ተሳዓርነት ኣብ ተመኩሮ ሂወት፡ በዓል ራኢ ካብ ምዃን ኣዝዩ ኣርሒቑዎ እዩ ጸኒሑ። ራኢ ዱብ ኢሉ ዝመጽኣካ፡ ብውርሻ ዝወሃበካ፡ ወይ ብድሌት ኣብ ውሽጥኻ ዝሰርጽ ስነ-ሓሳብ ኣይኮነን።

ራኢ ድምርማር ውጽኢት ሂወት ኢዩ። ራኢ ካብ ተመኩሮ ዝፍልፍል፡ ንቕድሚት ዘሰጉም ሓይሊ እዩ። ራኢ ንሕሉፍ ገምጊሙ፡ ንመጻኢ ብግቡእ ብምግማት፡ ተስፋታቱ ብልክዕ ዘቐምጥ፡ ንተስፋኡ ንምጭባጥ

ድማ ብዓወት ዝጋደል እዩ። ስለ'ዚ ብዓል ራኢ ምኧን ኣገደሲ ተራ ኣሎዎ ማለት እዩ። ራኢ መጀመርያ ኣብ ኣእምሮ ተሰሪሑ ዝወጽእ ናይ ስራሕ ስእሊ እዩ። ስለዚ ጥዑይ ኣእምሮ ማለት ፍልጠትን ተሞኩሮን ንዓይነት ራኢ ኣዝዩም ወሰንቲ እዮም። ግጉይን ስንኩልን ኣእምሮ ግጉይ ራኢ ክጠንሰ ይኽእል። ጥዑይን ብልክዕ ዝተሃነጸን ኣእምሮ ድማ ንመጻኢ ዝኸይድ፣ ንግዜን መደባቱን ብልክዕ ዘንጸባርቕ ራኢ ይወልድ።
ብዛዕባ ኤርትራዊ መንእሰይን ራኢኡን ድማ ካብዚ ብዘይፍለ መንገዲ ክንሪኦ ይግባኣና። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ዝተጠቐሰ ህግደፍ ንኤርትራዊ መንእሰይ ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓርነት ኣብ ምሃብ ብጠቕላላ ኣይተዓወተን ከም ዝበልና ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብመንጽር እዚ ድማ ኣእምሮ ኤርትራዊ መንእሰይ ውሽጣዊ ስእልታቱ ክሓርርን ክሃስስን ንዕዘብ ኣለና።
ምናልባሽ ኣሎ እንተበልናውን ከምቲ ዝተገለጸ ኣብ ግጉይ መሰረትን ተሞኩሮን ዝተመስረተ ደራኺ፣ ሓቀኛ ሓይሊ ፍልጠት ዘይብሉን፡ ኣሳታፊ ዘይኮነን እዩ። እዚ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ህሉው ምስሊ እዩ። ስለዚ ከምቲ ራኢ እምነት ይሓትት እዩ፡ ዝባሃል እምነት ድማ ካብ ምስማዕ ዝብገስ ኮይኑ፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ዘመኑ ዝሰምዖን ዝሪኦን ዘሎ ህሉው ኩነታት እምነት ክወልደሉ ይኽእል ድዩ? ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ ነጻነት ዓመታት ዝሰምዖን ዝረኣዮን እንታይ ድዩ? ብናጽነቱ ክጠራጠር ኣይገበሮኦን ድየን? ኣብ ምምራሕ ሂወቱኸ ውድቀት ኣይመሃሮኦን ድየን? ንሃገራውነቱን ሰብኣውነቱን ፈንፊኑ ንሂወቱ ኣብ ሓደጋ ኣውዲቑ ክሃድመለን ኣይገበርኦን ድየን? ስለዚ ራኢኡ ኣብ ደገ ኢያ ዘላ። ኣብ ውሽጢ ቦታ ኣየጣጠሓላን። ከም ሳዕቤኑ ከም ካብ ሰማይ ማና ዝጽበ ራኢ ኣልቦ ኮይኑ ይነብር ኣሎ፡ :

## 3ይ ክፋል

## ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡-

ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ዓለም ምስ እንዕዘብ ዝተፈላለዩ ተቓውሞታትን ጎነጻትን ተራእዮምን ይራኣዩን ኣሎው። ቀንዲ መንቀሊ ናይ'ዞም ተቓውሞታት እዚኦም ድማ፡ ህዝቢ ናተይ ኢሉ ዝኣምነሉ ክብርን መሰልን ክንፈነ እንከሎ፡ ሓርነትን ፍትሕን ምስ ዝስእን፡ መንነቱን ክብሩን ነጻነቱን ንምምላስ ዝገብሮ ፍትሓዊ ቃልሲ (ተቓውሞ) እዩ። በዚ መሰረት ድማ ህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ተሓሪሞሞ ዝነበሩ ክብርታትን ነጻነታትን ንምምላስን ንምርግጋጽን ንዓመታት ተቓሊሱ። ኣሽሓት ዜጋታት ብምኽፋል ኣሃዱ ናጽነት መሬት ኤርትራ ኣብ ዘረጋገጸሉ፡ ነቶም ስዒቦም ክረኽቦም ዝነበርዎ ሓርነታትን ክብረታትን ከጎናጸፎም ብዘይምኽኣሉ፡ ዳግማይ ቃልሲ ንሓርነታዊ መንነት፣ ክብርን መሰልን ህዝቢ፣ ኣንጻር እቲ ኣብ ስልጣ ዘሎ ስርዓት ካብ ምቅላስ ኣየዕረፈን። ከምውጽኢቱ ድማ ብዙሓት ዜጋታት በውልቅን ብሓባርን ቃልሲ የካይዱ ኣለው።

## ኣበርክቶ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡-

ታሪኽ ድሕረ ባይታ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ከም ዘመልክቶ፡ መብዛሕትኦም ዕድሜኦም ምስ ናይ 60ታት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣሳሰር ክኸውን እንከሎ፡ ገለ እውን ኣብ ሞንጎ ብዝተፈጠሩ ሃንፋት ዝተመስረቱ እዮም። እምበኣርከስ እቶም ናይ ሸዑ መንእሰያት ንዕድመ ልክዖም ኣብ ምንጥጣፍ እዚ መስርሕ እዚ ብምጽናሕ ናይ ሎሚ ሽማግለታት መራሕቲ ኮይኖም ንረኽቦም። ኣብዚ እምበኣር ኩሎም ውድባት ኤርትራ፡ ዝኸድዎ ጉዕዞን ኣድማዕነቱን፡ ዝሰርሕዎ ስራሕን፡ በዘየገድስ ኩሉ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ገድሊ ከም ቅቡል ወሲዶም፡ ወጽዓ ህዝቦምን ሃገሮምን ተረዲኦም፡ ምእንቲ መሰልን ፍትሕን ህዝቦም ደው ብምባሎም ክብርን ሞገስን ይግበኦም እዩ። ኣብ ልዕሊኦም ዘለና ክብርን መጎስን እንዳገለጽና ንዝገበሩዎ ኩሉ ቃልሲ ንኽብርን መሰልን ሓርነትን መንነትን ኤርትራዊ ዜጋ ብምኺኑ ኣብ'ዚ ቃልሲ'ዚ እጃምና ክነበርክት ሓላፍነትና ከም ምኺኑ መጠን፡ ኣበርክቶና ንዓወት ሓጋዚ ክኸውን ተስፋ ንገብር። ንዝገብርዎ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ድማ ብስምናን ብስም ከማና ግዱሳት ኤርትራውያንን ደጊምና ምስጋናና ነመሓላልፍ።

## ህሉው ዝምድና መንእሰያትን ደምበ ተቓውሞን፡-

ብዛዕባ ደምበ ተቓውሞን ህሉው ዝምድና ምስ መንእሰያትን ምዝራብ መድረኽ ዝጠልቦን እዋናውን ሓሳብ እዩ። ኣብ ትሕቲ እዚ ኣገዳሲ ኣርእስቲዚ ክንምልከቶም ዝግባኣና ኣገደስትን ወሰንትን ሓሳባት ድማ፡-

1. ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ነጸብራቕ ኤርትራዊ መንእሰይ ዲዩ ወይስ ኣይኮነን? ኣይኮነን እንተኢልና ስለምንታይ? ብኸመይከ ክኸወን ይኽእል?
2. ኤርትራዊ መንእሰይ ሓቀኛ ደጀን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ድዩ ወይስ ኣይኮነን? ሕጂውን ኣይኮነን እንተኢልና ስለምንታይ?

ብመሰረቱ እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዘይተጉላባነትን ምትላልን እቲ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብግሉጽ ብምቕማጥ፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ናይ ሎሚ ክውንነት ተቐቢሉ ንብርታዐን ትንሳኤን ኣሃዱ ኢሉ ክብገስን፡ ከምኡ'ውን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ነዚ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራዊ መንእሰይ ብምሓዝን ምስ መደባቱ ከመይ ኢሉ ክገጥም ከምዘለዎ ብምርዳእ ናይ ስራሕ ማሓውሩ ንኽታዓራሪ፡ ብሓቀኛ ሃገራዊ ፍቕሪ ዝልለ ባይታ ንምፍጣር ዝዕድምን ዝምዕድን ኢዩ። ስለዚ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ክልተ ዓበይትን ኣገደስትን ነጥብታት ክንምልስ እንተኽኢልና ብሓፈሻ ጽቡቕ ምስሊ እቲ እንደልዩ ነገር ክህባና ይኽእላ ኢየን።

ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ስሙ ከም ዘመልክቶ ሓላፍነት ህዝብን ሃገርን ዝተሰከመ ኣካል ኢዩ። ብኻልእ ኣባሃህላ ንሕቶ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምምላስ ዝቖመን ዝሰርሕ ዘሎን ኢዩ። እዚ ብኸምዚ ዓይነት ዓብን ሓላፍነታውን ነገር ዝፍለጥ ምትእኽኻብ ግን ሓደ ክፈልጦ ዘሎዎ ረቛሒ ኣሎ። ንሱ ከኣ

ደምበ ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ ብልክዕ ነቲ ዝቖመሉ ዕላማ ዘንጸባርቕን ዝሰርሕን ክኸውን ኣሎዎ። ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ እንተወሲድና ድማ ብልክዕ ካብዚ ብዘይፍለ ኢና ክንግምግሞ ዝግባኣና።

ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ መጀመርታ ንነብሱ ክሓታ ዝግብኦ ሕቶ ድማ ብሓቂ ዝቖመ ነጸብራቕ ህዝብን ሃገርን ድዩ? ወይስ ኣይኮነን? ብኻልእ ሸነኽ እቶም ዝኽተሎም ንድፍን ቅዋምን ራኢ ኤርትራን ኤርትራውያንን ዝውክሉን፡ ንሕቶታቱን ትጽቢታቱን ብልክዕ ዝሃርሙ ድዮም? ኢልካ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ። ምስሊ ናይ ሓደ ብልክዕ ነጸብራቕ ህዝቡ ዝኾነ ውድብ ተሳታፍነት ህዝቡ ኣብቲ ሒዙዎ ዘሎ ሕቶን ዕላማን ከምኡ'ውን ቅድሚት ዝግስግስ ዓወትን ኢዩ። በዚ መለክዒ እዚ እንተድኣ ለኪዕናዮ ምስሊ ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ዘየዕውትን ዘየሰጉምን ሕቶን መሰረትን ተነቢሩ ኣሎ ማለት ኢዩ። ምኽንያቱ እዚ ሕጂ ዘሎ ደረጃን፡ ናይ ምቕጻል ናህርን ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ፡ ነቲ ካብ ኤርትራዊ መንእሰይ እትጽበዮ ሕቶ ዘዕግብ ኣይኮነን።

ብመሰረቱ ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ሓደ ክስከሞ ዘሎዎ ከቢድ ሓላፍነት እንተድኣ ሃልዩ፡ ብመጀመርታ እዚ ምትእኽኻብ ንኤርትራዊ መንእሰይ ናይ ስነ-ኣእምሮ ፈውሲ (መድሓኒት) ከኾኖ ነይሩዎ ወይ ይግባእ። እቲ ዝተፈወሰ ኣእምሮ ድማ ሓቀኛ ሕቶን ዕላማን ንምዕጣቕ ጎስጓሲ ኣየድልዮን ኢዩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ገጻት ተገሊጹ ዘሎ ህሉው ምስሊ ኤርትራዊ መንእሰይ ብኣተሓሳስባ ህግደፍ ዝሰንከለ ኢዩ። ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ነዚ ሸግር'ዚ ብመጀመርታ ከገጥሞ ኔሩዎ። ቁጽሪ ብረት ዝዓጠቐ ተቓወምቲ ንሕቶ ኤርትራን ህዝባን መልሲ ክኾኑ ኣይኽእሉን እዮም። ዝተፈወሰ ስነ-ሓሳብ ዘሎዎ ኣእምሮ ግን ምስ ህሉው ደረጃ ዓለም ዝሳነ መልሲ ከምጽእን ክኸውንን ይኽእል ኢዩ። ስለዚ ደምበ ተቓወምቲ ኤርትራ፡ ብመጀመርታ ነቲ ህግደፍ ዝገበቶ ውሽጣዊ ሓርነት ኣብ ምምጻእ ንኽዕወት ኣብ መሳርዕ ቃልሱ "ሓድሽ ኣራእስ ናይ ስነ-ኣእምሮ ኩናት ንሓርነት ስነ-ሓሳብ" ከተኣታቱ ኣሎዎ። ናጻ ዝወጸ ኣእምሮ ተቓለስ ኣየድልዮን ኢዩ። ተወደብ ኣየድልዮን። ሸግራቱ ዘርኢውን ኣየድልዮን ኢዩ። እቲ ናጽነቱ ዝህቦ ፍልጠት መሪሕ ኩሉ ሕቶታት ኮይኑ ከገልግሎ ኢዩ። ስለዚ ነዚ ሕጂ ኣብ ሞንጎ ኤርትራዊ መንእሰይን ደምበ ተቓውሞን ዘሎ ናይ ጠለብን ግቡእን ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይ ኣብ ምፍዋስን ደምበ ተቓውሞ ድህሰሳታት ክገብር ይግብኦ።

ብምኽንያት እቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ ነጥብታት ኤርትራዊ መንእሰይ ደጀን ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ኣብ ምኺን ኣይተዓወተን። ምኽንያቱ ከምቲ ዝተገለጸ ናይ ጠለብን ግቡእን ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይ ኣጋጢሙዎ ኣሎ። ስለዚ እቶም መጀመርያ ክውሰዱ ዘሎዎምስጉምትታት ፡-

1. ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ንህሉው ኩነታት ኤርትራዊ መንእሰይ ብምሉእ ልቡ ክቕበሎ፡
2. እቲ እንኮ ምንጪ ን ደጀንን ደምበ ተቓወምቲ ድማ ንሱ ምኺኑ ብምሉእ ልቡ ይእመን፡
3. ነቲ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሰሪጹ ዘሎ ምምዝባል ናይ ስነ-ሓሳብ በዛዕባ ሃገራውነት ኣብ ምዕራይ ድማ እቶም ብመጀመርታ ክውሰዱ ዘሎዎም ስጉምትታት ምውሳድ።

## ፍልልያት ደምበ ተቓውሞ ኣብ ዓላማ ዶ ወይስ ኣብ.......?

ሎሚ ዓለምና ነቲ ዝነበረን እዋኑ ዝሓለፎን ስነ-ሓሳብ (ideology) ብምብታኽ ኣብ ሓድሽ ስነ-ሓሳብ ብምእታው፡ ዜጋታት ብውሕሉል ኣገባብን ብውሁድ መንፈስን ንመንነቶምን ንሓርነቶምን ምጭባጥ ዝገብርዎ ቃልሲ፡ ነቲ ዝፈላልዮም ነጥብታት ብምውጋንን ብምጽባብን፡ ቀዳምነት ህዝብን ሃገርን ብምስራዕ ገዘፍቲ ዓወታት ከመዝግቡ ንዕዘብ ኣለና። ሃገርና ኤርትራ ድሕሪ 1991 ነቶም ዝተረፉ'ሞ ጸኒሖም ክስዕቡ ዓቢ ትጽቢት ተነቢሩሎም ዝነበሩ ዓበይቲ ሓርነታት፡ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ምስ ፈሸሉ፡ ንኣካይዳን ኣቃውማን እቲ ስርዓት ቀልጢፎም ዝተረድኡ ዜጋታት ቃልሲ ካብ ዘካይዱ ብዙሕ ዓመታት ኣቑጺሮም ኣለው። ድሕሪ 1998 እተን ብውሑድ ቁጽሪ ዝፍለጣ ዝነበራ ውድባት ኤርትራ ከም ደቂ ዛግራ ክበታተናን ከጫጭሓን ተራእየን። ኣብዚ ክሕተት ዝግብኦ መሰረታዊ ሕቶ እንተድኣ ሃልዩ፡ ምብዛሕ ኣስማት ውድባት ንህዝቢ ኤርትራ እንታይ ለውጢ የምጽኣሉ? ብዙሑነት ብዘይሓድነትከ ዓወት ከምጽእ ይኽእልዶ? ምባል ኣገዳሲ ይመስለና።

ነዘን ክልተ ዓበይቲ ሕቶታት ምምላስ እምበኣር ነቲ ኣብ ሞንጎ ውድባት ኤርትራ ዘሎ ፍልልያት ኣወንታዊ መድሃኒት ንምርካብ ኣዝዩ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ብመሰረቱ እዋናዊ ቁጽሪ ውድባት ኤርትራ ምስ እንዕዘብ ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብ 16 ክሳብ 20 በጺሐን ኣሎዋ። እዘን ውድባት እዚኣተን ኣብ ዉሽጠን ኣቲኻ ዝፈላሊ ነጥብታት ምስ እንዕዘብ ካብ ምግራም ሓሊፍና ካልእ ዝውሰኽ ነገር የልቦን። እተን ዝበዝሓ ውድባት ኣብ ዝሰርሓሉ ፕሮግራም ዓቢ ተመሳሳልነት ኣሎወን። ብዓቢኡ ድማ ኣብ'ቲ መሰረታዊ ዕላመአን ዝፈላሊ የብለንን። ስለዚህ ነተን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘሎዋ ነጥብታት ምምላስ እምበኣር ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ፍልልያት ኣብ ምቅርራብ ዓቢ ተራ ምጽዋት ይመስለና። ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ብዙሓት ኣስማት ዘለወን ውድባት ዘይኮና ዘድልይኦ፡ ነቲ ጅሆ ሒዙዎ ዘሎ ስርዓት፡ ብሓድነትን ብትብዓትን ኢደይ ኢድካ እናበላ ህላዌኡ ዘብቃዓሉ ጥራሕ'ዩ ዘድልዩ። በዚ መሰረት ብዙሕነት ኣስማት ውድባት ንህዝቢ ኤርትራ እንታዩ ኣይኮነን።

ኣብ ካልኣይ ሕቶና ምስ እንምለስ ብዙሕነት መልክዕ ወይ ጽባቐ እኳ እንተኾነ ሕብረት ዘይብሉ ብዙሕነት ግን ጽባቐ ዘይኮነስ ክፉእ ኢዩ። ስለዚ ብዙሕነት ብዘይ ሓድነት ለውጢ ከምጽእ ዘይኮነስ ነቲ ዝነበረ ሽግር መሊሱ ዘጋድድን ከምዝውስኽ ዝገብርን፡ ንለውጢ ዝዕንቅጽን ኢዩ። በዚ መዳይ ውድባት ኤርትራ ነቲ ሓቀኛ መግለጺ ብዙሕነት ተረዲአን ብዘለወን ዓቕምን ሞራልን ነቲ ግፍዐኛ ስርዓት ብምእላይ፡ ነቲ ንለውጢ ብሃንቀውታ ዝጽበ ዘሎ ህዝቢ ክኸሕስኦ ጻዊዒትና ነቕርብ።

## ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡-

ኣብ ላዕለዋይ ክፉል ጽሑፍና ተጠቒሱ ከም ዘሎ እቲ ንናጽነት መሬት እምበር ንናጽነት ህዝቢ ዘይተጋደለ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝቢ እቲ ቅኑዕ ክብሩን መንነቱን ፈሊጡን ዓቂቡን ንከይጓዓዝ ኣብ ሕልማዊ ዓለም ኣእትዩዎ ክንዓዝ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንዝተፈጠሩ ተደጋገምቲ ጌጋታት

ግምት ከይሃበ፡ ናብቲ ናይ መወዳእታ ውደቀቱ ብምብጻሕ ህዝቢ  ዝነበሮ ሕልማዊ ዓለም እንዳተጋህደሉ ድሕሪ ምምጻእ፣ ክነብረሉ ዝኽእል ባይታ ንምንዳይ፡ ሂወቱ በጃ እንዳኸፈለ ናብ ኩሉ ማኣዝናት ዓለም ይበታተን ኣሎ። እሞ'ኸ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡

01. ኣብ ምጥርናፍ እዚ ዝበታተን ዘሎ ህዝቢ ዝጻወቱዎ ዘሎው ተራ ከመይ ይምስል?
02. ኤርትራዊ ደምበተቓውሞ ንትጽቢትን ድሌትን ህዝቢ የማልእዎ ኣለው ድዮም ኣየማልእዎን? ስለምንታይ?
03. ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ዝኸዶ ዘሎ ኣካይዳ፡ ነታ ጽባሕ እንጽበያ ኤርትራ የኺዳ ኢዩ ዝብል ግምትከ ኣሎዎ ድዩ?

ነዘን ሰለስተ ዓበይቲ ሕቶታት መልሲ ምርካብ እምበኣር ነቲ ክንበጽሖ ተደልዩ ዘሎ ሽቶ ብትኽክል ወቒዕና፣ ናብ ሓቀኛ ክውንነት ከምርሓና ይኽእላ ኢየን። ስለዚ ብደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ነዘን ነጥብታት ምምላስ ነቲ ኣብ ጉዕዞኡ ተሪፋዎ ዘሎን ክበጽሖ ዝግብኦን፡ ከምኡውን ንቕዋማቱን ፕሮግራማቱን ዳግም ኣብ ምድህሳስ ዓቢ ተራ ክጻወት ሓጋዚ ኢዩ።

ሕሉፍ ተሞኩሮ ሃገራት ኣፍሪካ ምስ እንዕዘብ መሰል፣ክብሪ፣ ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ ማዕርነት፡ ምዕባለ ....... ውዘተ ዝብሉ ጥዑማት ቃላት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገጽ ናይ ቅዋማቶም ሰፊሩ ንረኽቦ። እቲ ግብራዊ ጉዕዞ ናይ መብዛሕትኦም መራሕቲ ኣፍሪቃ ግን ኩሉ ግዜ ኣንጻር እዚ ቃላት እዚ ኢዩ። ኣህዛብ ክብሮምን ናጽነቶምን ተቐንጢጡ፡ ጻዕሮምን ናጽነታዊ ተጋድሎኦምን ከንቱ ተሪፉ፡ ግፍዕን ጭቆናን በዚሕዎም፡ ኣብ ትሕቲ ውሑዳት ገዛእቲ ይወድቁ። ካብዚ በደላት እዚ ንምህዳም (ንምምላጥ) እምበኣር ጸግዒ ዝኾኖም ወገን ይደልዩ። ከም ኣብነት ናይዚ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ዝወርዶ ዘሎ ግፍዕን በደልን ነታ ብኸቢድ መስዋእቲ ዝረኸባ ሃገሩ ገዲፋ ብውልቂ ይኹን ብጉጅለ ክውሕዝ እንከሎ ብማዕዶ ዘማዕድዎ መዕረፊ ሃልይዎ ኣይኮነን። ካብቲ ዝጽበዮ ዝነበረ እምበኣር መጻኢ ራኢ ዘሎዎ ናይ ቃልሲ ባይታ ንምርካብ ኢዩ ኔሩ። እዚ ባይታዚ ንምጥጣሕ ምሉእ ሓላፍነት ዝነበሮ ድማ ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኢዩ። እሞ'ዚ ክገብሮ ኪኢሉ'ዶ? ምስ እንብል እቲ መልሲ ኣይካኣለን ኢዩ።  ትጽቢት መንእሰይ ኤርትራን ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራን ዝነበረ እምበኣር፡ ሓደ ትርኑዕ ተቓዋሚ ሓይሊ ትኽክለኛ ምስሊ ስርዓት ህግደፍ ዘንበበ፡ ህሉው  ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ዝተገንዘበ፡ ኩሉ ጎድናዊ ፍልልያት ኣለልዩ፣ ዉሕስነት ህዝብን ሃገርን ማእከል ጌሩ፡ ነቲ ሓቀኛ ለውጢ ንፍትሕን ሓርነትን ህዝብን ሃገርን ዝጽዕር፡ ነቶም ድሕሪ ናጽነት መሬት ኤርትራ ክርከቡ ዝነበሮም ሓርነታትን ሓቀኛ መንነትን ኤርትራን ህዝባን ዝሰርሕ ፍናን ዝለበሰ ተቓዋሚ ሓይሊ ኢዩ ነይሩ።

ናይ ሎሚ ደምበ ተቓዉሞቲ ወድባት ኤርትራ ግን ብኣንጻሩ ኢዩ ዘሎ። ሕቶ ህዝቢ ማእከል ጌሩ ክንዲ ምስራሕ ብኣንጻሩ ኣብ ነንሕድሕዱ መዐቀኒ ብዘይርከቦ ኣፈላላይ ዝተበታተነ: ጠለብ ህዝቢ ኣብ ግምት ከየእተወ ውልቃዊ ረብሓኡ ዘቐድም: ውክልናኡ ንመን ምዃኑ ዝዘንገዐ ኢዩ። ስለዚ እዚ ዓይነት

ትዕዝብቲ ዘንበረ መንእሰይ ኤርትራ ድማ ብዓድን ብደገን ኩሉ ሓሪሙዎ ጉዕዞኡ ናብ ዘይተጸበዮ ነዊሕን ራኢ ኣልቦን ስደት ይቕጽሎ ኣሎ። ስለዚ ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ክጸወቶ ዘሎዎ ዓቢ ተራ ብንጹር ኣለልዩ ነቲ ጠርናፊ ሓይሊ ስኢኑ ኣብ ፈቖድኡ ዝጠፍእ ዘሎ ኤርትራዊ ዜጋ ብሓላፍነት ተሓታቲ ስጋብ ዝኾነ ኣብ ምጥርናፍን ጽላል ምዃንን ዓቢ ተራ ክጸወት ይግብኦ።

በዚ ኣጋጣሚ ውድባት ኤርትራ ነቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ንጹር ዕላማ ክገብረኦ ምስ ዝፍትና፡ ነቲ ኣብ ናይ ጃህራ ዓለም ዝነብር ዘሎ ስርዓት ኣሊኻ ማእከል ሰላም፡ ፍትሕን ደሞክራስን ማዕርነትን ዝኾነት ሃገር ኣብ ምውናን ዘጠራጥር ኣይነበሮን።
ኣብቲ ካልኣይ ነጥቢ ምስ እንኣቱ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ብትኽክል ወጽዓ ህዝብን ሃገርን ማእከል ዝገብር፡ ነዚ ዕለታዊ ግፍዕን መከራን ዘሕልፍ ዘሎ ህዝቢ ዋሕስ ዝኸውን፡ ኣብቲ መሰረታዊ ስነ-ሓሳብ "ንናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ምግጣም" ኣብ ዝብል ሓረግ ተጠርኒፉ ሓባራዊ ቻርተርን ናይ ሓባር ሰራዊትን ዝውንን ድልዱል ተቓዋሚ ሓይሊ ይጽበን ይደልን። ከም ውጽኢቱ ድማ ኩሉ መሰላት ህዝቢ ዝሕሉን ዘማእክልን፤ ነቲ ብባዕዳውያን ስርዓታትን ብስርዓት ህግደፍን ተመንጢሉ ዘሎ ኤርትራዊ ሓርነታዊ ክብርን መንነትን ዝመልስ፡ ንጹር ራኢ ዘሎዎ መተካእታ መንግስቲ ክተክልን ክውንንን ይደሊ፡ ፡ ናብ ደምበ ተቓወምቲ ዉድባት ኤርትራ ምልስ ኢልና ምስ እንርኢ ግን ነዚ ዘሎ ትጽቢትን ድሌትን ህዝቢ ዝዝንግዕዎ ዘለዉ ይመስሉ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ንዓሰርተታት ዓመታት ሓደ ዓይነት መዝሙር ምዝማር፡ ኣብ ክንዲ ብተናጸል፡ ኣብ ክንዲ ነንሕድሕድካ ምውንጃል፡ ንዘለካ ኣፈላላይ ኣጽቢብካ ነቲ ናይ መጀመርያ ዝቖምካሉ ንጹር ዕላማ፤ ህዝብን ሃገርን ማእከል ዝገብረ ጉዕዞ ምጉዓዝ። ውድባት ኤርትራ በዚ ዘሎዉዎ ኣካይዳ ብዝኾነ ተኣምር ንትጽቢትን ድሌትን ህዝብን ሃገርን ከማልኡ ኣይክእሉን እዮም፡ ምባል ከም ምስትንዓቕ ክወስድዎ የብሎምን። ስለዚ ነቲ ሓቀኛ ምኽንያት መመስረቲኦም ብግቡእ ተረዲኦም ንናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ምግጣም ኣብ ዝብል ሓረግ ኣሚኖም ዝጽበዮም ዘሎ ገዚፍ ሓላፍነት ክዋጽእሉ ንላቦ።

ናብቲ ሳልሳይ ነጥቢ ምስ እንሓልፍ ደምበ ተቓወምቲ ኤርትራ ዝኸዶ ዘሎ ኣካይዳ ኣብታ ጽባሕ እንጽበያ ዘለና ኤርትራ ከስራሓና ይኽእልዶ? ወይ-ውን ስጋብቲ ደረጃ ንሱኸ የስጉመናዶ? ዝብል ሓሳብ እዩ። ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ እምበኣር ናብቲ ህሉው ኩነታት ውድባት ኤርትራ ምርኣይ ከድልየና እዩ። ህሉው ኩነታት ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ምስ እንዕዘብ ብዘይ ምግናን ካብቲ መበገሲኤን ዝወጻ ኢየን ዝመስላ። ንሳተን ነቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ መንነታዊ ሓርነት ዓፊኑ ንዓይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ዝብል ዘሎ ተቓዊመን ካብ ተመስረታ ነቲ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ የድልይዎ ኢዩም ካብ ዝባሃሉ ኩሎም ዓይነታት ሓርነት ኣብ ውሽጠን ከተግብርኦም ነይሩወን። ኣብ ክንዲ ድሌት ህዝብን ሃገርን ምምእካል፡ ውልቃዊ ድሌታትካ ንቕድሚት ምምጻእ፡ ንውድባዊ መሪሕነት ከምውርሻ ምውሳድ፡ ንቕኑዕ ደሞክራስያዊ ለውጢ ድሉው ዘይምዃን፡ ሓንቲ ውድብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ውድብ ተርእዮ ንሕንሕ፡ ኣብ

ውሽጠን ብብሄር፡ ብኣውራጃዉን ሃይማኖታዉን ኣፈላላያትን ናይ ኣመጻጽኣ ድሕሪ ታሪኽን እንዳተመናጨታ፡ ኣብ ክንዲ ንናይ ሓባር ጸላኢ ከጥፍኣ ዝግብርኦ ጻዕርን ድኻምን ንላዕሊ ኣብ ነንሕድሕደን የጥፍኣ ኣለዋ።

ጥልቕ ኢልካ ምስ እትሪኦ ምምስራት ውድብ ከም ምምስራት ዘይመንግስታዊ ማሕበር ወይ (NGO) ተቖጺሩ መምርሒ ዕለታዊ ሂወቶም ቆጺሮሞ። ሕሉፍ ሓሊፍውን መንእሰይ ኣብ ክንዲ ብህዝቡን ሃገሩን ከምዝሓስብ ምግባር፡ ወኪል ጉዕዞ (travel agency) ኮይነን መንቀሳቐሲ ወረቐት ብምውጻእ ዝስላዓሉም ክፍሊት እንዳተቐበላ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ዘሰጋግራ ውድባት ኣለዋ። እዚ ዋላ'ኳ ብሓደ ሸነኹ ዝጠቅም እንተመሰለ፡ ኣብ ትርጉምን ዕላማን ቃልሲ ከስዕቦ ዝኽእል በሰላን ዕንወትን ክረአን ክግምገምን ይግባእ።

ካብዚ ብምብጋስ ህሉው ኩነታት ውድባት ኤርትራ ህዝብን ሃገርን ቀዳምነት ሂቡ ይጎዓዝ ብዘይምህላው ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዓቢ ስቓይ ዝገብር ዘሎ ስርዓት ጽቡቕ ዕድል ካብ ምፍጣር ሓሊፉ ዘምጽኦ ኣድማዒ ለውጢ የልቦን። እምበኣርከስ ኩሉ ምንቅስቓስን ስነ-ምግባርን ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ በቲ መሪሕ ዕላማአን ተጠርኒፈን፡ ንህዝብን ሃገርን ቀዳምነት ብምሃብ፡ ንናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ምግጣም ኣብ ዝብል ዕላማ ብምእማን ሓላፍነተን ብልክዕ ፈሊጠን፡ ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ካብ ስሩ ኣልየን፡ ንሎምን ንመጻእን ዝኸውን ኣካይዳ ብምውራስ፡ ስርዓተ-ሕጊ ማእከል ዝገበረት ሃገር ንምምስራት ሓጺር ግዜ ከምዘድልዮ ኣሚነን ነቲ መዐቀኒ ኣልቦ ዝኾነ ውልቃዊ ድሌታትን ኣፈላላይን፡ በቲ ዓቢ ዕላማ ብምትካእ ክብገሳን ነዚ ዘሎ ባይታ ብግቡእ ክጥቀማሉን ለበዋና ነሕልፍ።

ስለዚ ብመለክዕታት እዚ ጽሑፍ እዚ ብዙሕነት ሰልፍታት ኣበይን ብኸመይን ንዝብል ሕቶ ምምላስ ኣገዳሲ ይመስል። ብዙሕነት ሰልፍታት ወይ ውድባት ዋላኳ ከም ኣምር ዲሞክራሲ ሓንቲ ሃገር ክግለጽ እንተተኻእለ፡ ህዝቢ ውን እንተኣመነሉ፡ መዓስን ኣበይን ብኸመይን ዝብሉ ሕቶታት ግን ንጹር መልሲ ክወሃቦም ይግባእ። በዚ መሰረት ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ብቐዳምነት ዝጽበዮ ዘሎ እንኮን ቀዳማይን ትጽቢት ነቲ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ንላዕሊ ንክብረታቱን ሰብኣዊ መሰላቱን ዝግህስ ዘሎ ስርዓት ምእላይ ድኣ እምበር ገዚፍ ቁጽሪ ሰልፍታት ኣይኮነን። ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት ድሕሪ ምእላይ እቲ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኩለን ውድባት ናተይ ዝብልኦ ፕሮግራም ናብ ህዝቢ ኣቕሪበን፡ ህዝቢ ድማ ይውክለኒ'ዩ ብዝብሎ ምርጫ ድዩ ክውስኖ ዘለዎ? ወይስ ኣብ መጀመሪያ መበገሲ ኣብ ወረቐት ምፍልላይ? ሕቶ ብዙሕነት ሰልፍታት ብመንጽር ትጽቢትና ክንሪኦ እንከለና ኣብ ጉዕዞኻ ስጉምቲ ከይከድካ ኣብ ወረቐት ጥራሕ ብዝሰፈረ መትከላት ጨናፍራትካ ኣብዚሕካ ምጉዓዝ፡ ጠለብን ትጽቢትን ህዝብን ሃገርን ዘይምልስ፡ ንለውጢ ዘሎ ድልውነት ንጽሕሪት ዝነትት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንዕላማታት ኣማህሚኑ ዝቐትል መርገጽ እዩ።

በቲ ካልእ መለኪዕኡ ክንሪኦ ምናልባት ሰናይ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ ስርዓት ህግደፍ ባዕሉ ብዝፈጥሮ ዘሎ ናይ ምሕደራ ፍሽለት እንተወደቐ፡ ውድባት ኤርትራ ከምዘለውኦ ንዝፍጠር ናይ ስልጣን ባዶነት

ክትክኦኦ ይኸእላዶ? ንዝብል ሕቶ ምምላስ ኣገዳሲ እዩ፡፡ እዚውን መልስና ብልክዕ ኣይኸእላን እዩ፡፡ ምኽንያቱ ኣብዚ መበገሲ መሬት ኮይነን'ኳ ፍልልያተን ኣጽቢበን ክሓብራን ሓድነት ክገብራን ዘይካኣላ፡ ኣብ ናይ ስልጣን ባይታ መጺአን ፍልልያተን ኣወጊደን፡ ብንጹህ መንፈስ ደሞክራሲ ኣንጊሰን፡ ስልጣን ክመቓርሓ ኢልካ ምሕሳብ የዋህነት ጥራሕ ኢዩ ክኸውን፡፡ ስለዚ ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ማእከልነት ዝገብር ውድብ ብኹሉ መለክዕታት ንዓወት ዝኽልክሎ ከምዘየለ እንዳኣመንና፡ ብሰንኪ እዚ ኣብ ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣጋጢሙ ዘሎ ፍልልያት እምበኣር ኤርትራውያን መንእሰያት <u>"ተጽግበኒ ቅጫስ ኣብ ሞቑሎኣ ከላ እፈልጣ"</u> ብምባል ተስፋ ብምቑራጽ ናብ እግሮም ዝመርሖም ይጠፍኡ ኣለው፡፡

## <u>ተሓታትነት ስርዓት ህግደፍን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን፡-</u>

ድሕሪ ናይ ፍርቂ ዘመን መሪር ብረታዊ ተጋድሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናተይ ኢሉ ዝኣምነላ ሃገር ድሕሪ ምውናኑ፡ ነቶም ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ከቢድ በደልን ግፍዕን ዘውረድሉ መንግስታት፡ ውድባት ይኹኑ ውልቀ ሰባት፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ሕነ ምፍዳይ፡ ንዝፈጸሙዎ በደላት ምሕረት ምስገበረሎም ንኹሉ ህዝቢ ዓለም ዘገረመ ዓቢ ትምህርትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ስጋብ ክንደይ ምሕረተኛ ምኳኑ ንኹሉ ብሩህ ኢዩ፡፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ልኡላውነት ኤርትራ ህዝቢ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዝተራእዩ ዓበይቲ በደላትን ጌጋታትን ብናጽነት ብምድባስ፡ ዝሓለፉ መዛግብቲ ከይገንጸለ፡ ነቶም ዝተረፍዎ ሓርነታት ንምርካብን ነታ ብባዕዳውያን ዓንያ ዝነበረት ሃገሩ ንምሕዋይን ምህናጽን ቀዳምነት ብምሃብ ክሰርሕ ጸኒሑ፡፡

ውልቀ መለኽቲ መራሕቲ ህግደፍ ግን ካብ ሕሉፍ በደላቶም ከይተማህሩ፡ ይኣክል ከይበሉን ሕቡእ ኣጀንዳኦም ብምቕዳም ንትጽቢትን ራኢን ህዝብና ጅሆ ብምሓዝ፡ ብዝኸፍአ መልክዑ ዳግማይ ጌጋ ክፍጽሙ ተራእዮምን ይራአዩን ኣለው፡፡ እዚ ስርዓት እዚ እምበኣር ወላኳ ኣብ ህዝብና ዝፍጽሞ ዘሎ በደላት ዕላማኡ ንምርዋይ ይኹን እምበር፡ ካብ ተሓታትነት ከናግፎ ዝኽእል ነገር ከምዘየሎ ግን ክፍለጥ ይግብኦ፡፡ ምኽንያቱ ኣብዛ እንነብረላ ዓለም ብዙሓት ንዕኡ ዝመስሉ ስርዓታት ከምዝሓለፉን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ግቡኦም ከምዝወሰዱን ብሩህ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ስርዓት ህግደፍ ብመጀመርያ በቲ ድሕሪ ነጻነት መሬት ኤርትራ ንህዝቢ ክወሃቦ ዝነበሮ ናይ መንነትን ክብርን ሓቀኛ መሰረት ዘይምሃቦም ቀዳሞት ተሓተቲ ክኾኑ ከለው፡ ብዝኸተሉዎ ዘለው ግዕዙይ ምሕደራ ኣብ ህዝብና ዘውርድዎ ዘሎው ግፍዕን በደልን ድማ በቲ ካልእ ሸንኽ ተሓተቲ ይገብሮም፡፡ ኣብዚ ሎሚ ዓለምና ናብ ሓንቲ ቁሸት እንዳተቐየረት ትመጽኣሉ ዘላ ግዜ ገበን ፈጺምካ ተምልጠሉን ትሕባኣሉን ባይታ ከምዘየለ ድማ ክፍለጥ ይግባእ፡፡
ብመንጽር እዚ እተን ነቲ ስርዓት ተቓዊመን ምእንቲ ወጽዓ ህዝብን ሃገርን ደው ክብላ ዝወጻ ውድባት ምስ እንዕዘብ ተሓታትነተን ሓላፍነተን ካብቲ ስርዓት ንላዕሊ ዝዓበየ ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ ምኽንያቱ ንሳተን ነቶም ካብ ስርዓት ህግደፍ ክርከቡ ዝነበሮም ሓርነታትን ክብርታትን ከምኡውን ምህናጽ ኤርትራዊ መንነትን ኢለን ስለዝቖማ፡ ነቲ ሓቀኛ ድሌት ህዝብን ሃገርን ብንጹር ብምልላይ ሓላፍነት ተሸኪመን

ብንጹር ነቲ ሕቶ ንምምላስ ዝቖማ ብም'ኺነን፡ ልዕሊ ህግደፋውያን ሓላፍነት ኣለወን፡፡ እዚ ሓላፍነት እዚ ብምርዳእ እቲ ቀዳማይ ዕላማእን ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ብምስራዕ፡ ነቲ ሓቀኛ ሕቶ ህዝቢ ሓቀኛ መልሲ እንተቀሪበናሉ፡ ሓላፍነተን ብኣወንታ ክዋጻኣ ይኽእላ፡፡ እዚ ንምትግባር ድማ ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ካብቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ብዘይሓይሽ መንገዲ ቀዳምነት ድሌታትካ ብቕድሚት እንዳሰራዕካ፡ ኣብ ክንዲ ናብ ሓድነት ዘምርሕ ናብ ምብትታንን ውልቃዊ ምንሕናሕን ዘምርሕ ጉዕዞ እዳተጓዓዝካ፡ እቲ ሓቀኛ ሕቶ ህዝቢ ክትምልስ ምፍታን ከቶ ዘይካኣል ኢዩ፡፡

ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ንዓሰርተታት ዓመታት ሓደ ዓይነት መዝሙር እንዳዘመረ ጸኒሑ ኣሎ። ስለዝኾነ ሕቶ ህዝቢ ቀዳምነት ዘይሰርዐ፡ ብስም ሕቶ ህዝቢ ውልቃዊ ሸውሃቱ ዘርዊ፡ ንብረትን ሃብትን ህዝቢ ዘባድም፡ ብውሕዱ ነዚ ሓሲሙዎ ዘሎ ህዝቢ ጽላል ዘይከውን፡ ንለውጢ ተበጊሱ ለውጢ ዘይጽበ፡ ድልውነት'ውን ዘየርኢ ደምበ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ካብ ተሓታትነት ክምልጥ ኣይኽእልን፡፡ ደምበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኩሉ ክኸዶ ዝጸንሐ ጉዕዞ ብኹሉ ዓቕሙ ገምጊሙ፡ ነቲ ንጹርን ዘየማትእን ዝቖመሉ ዕላማ ተግባራዊ ምስዝገብሮ ጥራሕ ኢዩ ካብዚ ተሓታትነት እዚ ናጻ ክኸውን ዝኽእል፡፡ እዚ እንተዘይ ኮይኑ ግን ተሓታትነቱ ካብ ስርዓት ህግደፍ ንላዕሊ እዩ፡፡

## መደምደምታ

## ለበዋ ንኩሉ ኤርትራዊ ብፍላይ ድማ ንመንእሰያት፡-

ኩላትና ከምዝርአናዮ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና'ውን ተዘርዚሩ ከምዘሎ ህሉው ኩነታት ኤርትራ ኣብቲ ናይ መወዳእታን ኣሰካፍን ደረጃኡ በጺሑ ንረኽቦ፡፡ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ እዚ ህዝቢ ኤርትራ ድሕነት ንክነውርደሉ ይምሕጸነና ኣሎ፡፡ እሞኸ መንእሰያት ከምኡ'ውን ደምበ ተቓወምቲ ኤርትራ ኣብዚ ወሳኒ መድረኽ'ዚ ታራና እንታይ ይኹን ?

ሎሚ እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ክንሰርዖ ዝግባኣና እምበኣር ሃገርን ህዝብን ኤርትራ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ብምግምጋምን ኣብ ኣዝዩ ወሳኒ መድረኽ ምህላውና ብምስትውዓልን፡ መንእሰያት እቲ ሒዝናዮ ዝጸናሕና ምስሉይ መንነት ባዕልና ብባዕልና ብምእራም ሃገርናን ህዝብናን ማእከል ዝገበረ ተበግሶ ብምንጥጣፍ ሓድሽ ገጽ መጻኢና ከነንጽፍ ይግባኣና፡፡ እዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ከኣ ኩሉ ኤርትራዊ ብፍላይ ድማ መንእሰይ እዞም ዝስዕቡ ወሰንቲ ነጥብታት ክስተብህለሎም ንጽውዕ፡፡

1. መጻኢ ኩሉ ኤርትራዊ ምስ መንነቱን ክብሩን ዓዱን እዩ ዝተሓሓዝ። ስለዝኾነ ከኣ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝወሰዶም ስጉምትታት ኩሎም፡ ዝሕንጽጾም መጻኢ መደባት ሃገራውነቱን ክብሩን ዘማእከሉ ክኾኑ ንምሕጸን።

2. መጻኢት ኤርትራ ከውንቲ እያ። እዚ ሓቂዚ ብምስትብሃል ከአ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ቅድሚኡ ፍትሒ ዝነገሳ ሂወት፡ ብምልኣት እትግለጸላ ኤርትራ ከም ዘላ እንዳኣስተብሃለን እንዳዘከረን፡ ዕላማታቱ ብልክዕ ምስዚ ተሰፉ እዚ ከነጻጽር ይግባእ።
3. እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሓቅታት እንተድኣ ስሒትዎም እምበኣር ኤርትራዊ ጽባሕ ከቢድ ፍርዲ ከጋጥሞ እዩ። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነውን ናይ መንነቱ ህላዌ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣትወሉ ባይታ

ክፍጠር ይኽእል'ዩ። ስለዚ ኩሉ ኤርትራዊ ጽባሕ ብሕልንኡ ከይኩነን፡ ወይውን እታ ዝጽበያ መንነት ዋጋን ጣዕምን ከይስእነላ፡ ግቡእ ሓላፍነቱ ሎሚ ክጻወት ይግባእ። ናይ ሕልና ፍርዲ ካባኻ ሓሊፉ ንውሉድ ወለዶ ዘላቒ ዝዓበየ ፍርዲ ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ።

## ለበዋ ንውድባት ኤርትራ፡-

ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ለቢስዎ ዘሎ ከቢድ ሓላፍነታዊ ስም ብምስትውዓል ካብዚ ሕጂ ዘለዎ ብዝተዓጻጸፈ መንገዲ ክግስግስን ክስጉምን ንምሕጸን። ኣብዚ ክንስሕቶ ዘይብልና ድማ እቶም ብስም ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ እንሕዞም ርድኢታት፡ ሓሳባትን ንድፌ ቅዋምን ብሓቂ ንክውንነትን ሓቅን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብልክዕ የንጸባርቑ ድዮም ኣየንጸባርቑን? ምስ ግዜ ዝጠልቦ መለክዕታትከ ብሓቂ ነቲ ብሕጂ እንጽበዮን ፍትሒ ኣብ ምምጻእ ብቑዓት ድዮም ኣይኮኑን? ኣብ ምግምጋም ቅንዕና ክርኢ ኣለዎ። ብተወሳኺውን ስም ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ተጨውዩ ከይህሉ ኩሉ ግዜ ንጉዕዝኡ ብውጽኢታቱ ክግምግሞን ክሪኦን ኣለዎ። እዚ ምግባር ምስ ዘይክእል ከአ ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ሓላፍነታዊ ክኸውን ዝኽእል ኣካል ከረክብን ክሰጋግርን ይግባእ። ብስም ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ዝግበር ድኻምን ምግዱርነትን ድማ ከብቅዕ ንላቦ።

## ለበዋ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም፡-

ንሕና ኤርትራውያን ናትና እንብሎምን ምስ ሃገራት ዓለም ዝጽንብሩናን መሰረታትን መንነትን ክብርን ዘለውና ህዝቢ ኢና። ኣብዛ ሕጂ እዋን ከአ ብሰንኪ ዝጸንሓና ተደራራቢ መግዛእቲ ባዕድን ሕጂ ዝመጸ ናይ ውሽጢ ጸላእን ዝሰዓበ ከቢድ ዕንወትን፡ ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ኩነታት ንርከብ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድማ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ንመሰልን ክብርን ወዲ-ሰብ ክብል እጃሙ ከበርክትን ክተሓጋገዘን ምሕጽንታና ነቕርብ።